Liberté • Égalité • Fraternité

RÉPUBLIQUE FRANÇAISE

ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት

ሓፈሻዊ መምርሒ ናይ ስደተኛታት ኣብ ፈረንሳ



# መምርሒ ሰነድ ንሓተትቲ ዑቕባ ኣብ ፈረንሳ

መሓዉ - ሕዳር 2015

# ትሕዝቶ

1. ዝተፈላለየ ዓይነት ዑቕባ ..... 4
1.1. ናይ ዑቕባ ኩነታት ..... 4
1.2. ካልኣዊ ዑቕባ ..... 4
1.3. ሃገር ዘይብሎም ሰባት ..... 4
2. መእተዊ ኣብ መስርሕ - ኣብ መሬት ናይ ምጽናሕ መስል ..... 6
2.1. ምዉሳን ሓላፍነት ዘለዎ መንግስቲ ኣብ ምምርማር ሕቶ ዑቕባ ..... 6
2.2. መሰል ንምጽናሕ ኣብ መሬት ፈረንሳ ..... 7
3. ኣገባብ መርመራ ሕቶ ዑቕባ ..... 8
3.1. መርመራ ብፈረንሳዊ ቤት ጽሕፈት ንምሕላዉ ዑቕባን ሃገር ዘይብሎም ሰባትን (ኦፍፕራ OFPRA) ..... 8
■ ዝምላእ ፎርም ናይ ኦፍፕራ ፈረንሳዊ ቤት ጽሕፈት ንምሕላዉ ዑቕባን ሃገር ዘይብሎም ሰባትን ..... 8
እቲ ፎርም ብቋንቋ ፈረንሳ ክምላእ ኣለዎ፡ ተፈሪሙ ድማ ምስ ቅዳሕ ናይ`ቲ ትጥቀሙሉ ዘለኹም ዑቕባ ከም ዝሓተትኩም ዘረጋግጽ ምስክር ወረቐት፡ ክልተ ናይ መንነት ስእልታትን ኣብ ኢድኩም ዘሎ መንቀሳቐሲ ሰነድን ክስነ ይግባእ። ሕቶኹም ኣብ ኦፍፕራ ክምዝገብ እንተኼይኑ፡ እዘን ዝተጠቕሳ ወረቓቕቲ ግድን ክቐርባ ኣለወን። ..... 8
■ ምልኣኽ ፋይል ..... 8
ፋይልኩም ምስ ተመልአ፡ ካብ`ቲ ዑቕባ ከም ዝሓተትኩም ንምርግጋጽ ምስክር ዝተዋሃብኩምሉ ዕለት እንተደንጕየ ኣብ ውሽጢ ዕስራን ሓደን መዓልታት (ብዘይካ ዳግማይ ንኽምርመር ዝቐርብ ሕቶ) ብመንገዲ ፖስጣ ጥራይ ኣብ`ዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ትልእኩዎ።..... 8
■ መረጋገጺ ምምዝጋብ ሕቶ ኣብ OFPRA ..... 9
■ ንቡር ወይ ፈጣን መስርሕ መርመራ ሕቶ ..... 9
ናይ ዑቕባ ሕቶኹም ኣብ ኦፍፕራ ብንቡር ወይ ብፈጣን መስርሕ ይምርመር። ..... 9
■ ቃለ-መጠይቕ ኣብ ኦፍፕራ ..... 9
■ ውሳኔ ናይ ኦፍፕራ ..... 10
3.2. ብሃገራዊ ቤት ፍርዲ ንመሰል ዑቕባ (CNDA) ዝካየድ መርመራ ..... 11
■ ምድንጓይ ጥርዓን ..... 11
■ ጥርዓን ..... 11
■ መረጋገጺ ህላዌ ጥርዓን ..... 12
■ ሓገዝ ጠበቓ ..... 12
ኣብ መጋባእያ ናይ ሴኤንዴኣ ብጠበቓ ክትሕገዙ መሰል ኣለኩም። ..... 12
■ መጋባእያ ሴኤንዴኣ ..... 13
■ ውሳኔ ሴኤንዴኣ ..... 13
3.3. ዘይቅቡልነትን ምዕጻውን ሕቶ ንዑቕባ ..... 13
■ ዘይቅቡል ሕቶ ..... 13
■ ምዕጻው መርመራ ሕቶ ..... 14
3.4. ዳግማይ መርመራ ..... 14
4. ጕዕዞ ሓታቲ ዑቕባ ..... 16
4.1. ምስናይ ሓታት ዑቕባ ..... 16
■ ቀዳማይ ኣቀባብላን መምርሒን ..... 16
■ ውድዓዊ ኵነታት ኣቀባብላ ..... 17
■ ተነቃፍነት ፍሉይ መቐበሊ ኣብ ግምት ምእታው ..... 18
4.2. መዕረፊ ንሓተትቲ ዑቕባ ..... 18
■ መዕረፊ ቦታታት ..... 18
■ ምርሒት ናብ መዕረፊ ..... 18
■ ምልቃቕ ካብ መዕረፊ ቦታ ..... 19

5. መሰላት ሓተትቲ ዑቕባ .......... 20
5.1. ክፍሊት ንሓተትቲ ዑቕባ (ኣዳ) .......... 20
■ ንክፍሊት ዘብቅዑ ኩነታት .......... 20
■ ኣቀራርባ ሕቶ .......... 20
■ ዓቐን ክፍሊት .......... 21
■ ኣከፋፍላ .......... 21
■ ጥርዓን .......... 21
5.2. ናይ ትምህርቲ ዕድል .......... 21
5.3. መሰል ንክንክን ጥዕና .......... 22
■ ህጹጽ ረድኤት .......... 22
■ ኣድማሳዊ ሓገዝ ንሕክምና (ሴኤምዩ) .......... 22
5.4. መሰል ስራሕ .......... 22
6. ምንጻግ መሰል ዑቕባ ኣብ መሰል ምጽናሕ ኣብ መሬት ዘውርሶ ሳዕቤን .......... 24
6.1. ናይ ምንጻግ ውሳኔ ብኦፍፕራ ወይ ሴኤንዴኣ .......... 24
6.2. ሓገዝ ንምምላስ ናብ መበቆላዊት ሃገር .......... 24
6.3. ግዱድ ምምላስ ናብ መበቆል ሃገር .......... 25
7. መሰላት ተጠቀምቲ ዑቕባ .......... 26
7.1. ኣብ ፈረንሳ ምጽናሕ .......... 26
7.2. መንበሪ ንስድራቤት .......... 27
■ መሰል መንበሪ ንስድራቤት .......... 27
■ መሰል ምጥርናፍ ስድራቤት .......... 28
7.3.ምውህሃድ .......... 29
■ ምስ ቤት ጽሕፈት ኦፊ (ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽንን ምውህሃድን ፈረንሳ) ናይ ኣቀባብላን ምውህሃድን ውዕል ምፍራም .......... 29
7.4. ማሕበራዊ መሰላት .......... 29
■ ዕድል መንበሪ .......... 29
■ ዕድል ስራሕ .......... 30
■ ዕድል ክንክን ጥዕና .......... 30
■ ማሕበራዊን ስድራቤታዊን ክፍሊታት .......... 30
7.5. ጉዕዞ ናብ ወጻኢ .......... 31
7.6. ዜግነት ምርካብ .......... 31
መውጽኢን ኣድለይቲ ኣድራሻታትን : .......... 33
1. ሃገራዊ ኣድራሻታት .......... 33
■ ማሕበራት .......... 33
2. ዞባዊ ኣድራሻታት .......... 35
■ ፍሉይ መቐበሊታት .......... 35
■ ምምሕዳራት .......... 36
■ ኦፊ: Directions territoriales de l’Office français de l’immigration et de l’intégration (OFII) .......... 38

# 1. ዝተፈላለየ ዓይነት ዑቕባ

ኣብ ፈረንሳ ሰለስተ ዓይነታት ዑቕባ ኣሎ። ንሳቶም ድማ፦ ዑቕባ ፣ ካልኣዊ ዑቕባን ሃገር ዘይብሎም ሰባትን እዮም፡፡

## 1.1. ናይ ዑቕባ ኩነታት

መሰል ዑቕባ ብሰለስተ መንገድታት ክዋሃብ ይኽእል፤

- ብመሰረት ስምምዕ ናይ ጀነቭ (la convention de Genève) ናይ ዑቕባ መሰል ብዕለት 28 ኣሓሰ 1951 ዝጸደቐ፤ ናይ ዑቕባ መሰል ኣብ ዝስዕብ ይወሃብ "ዝኾነ ሂወቱ ኣብ ሓደጋ ዝርከብ ሰብ ብሰንኪ ዘርኢ፣ ሃይማኖት፣ ዜግነት፣ ናይ ዝኾነ ማሕበራዊ ጉጅለ ኣባል ብምዃኑ፣ ወይ ድማ ብፖለቲካዊ ኣረኣእያ፣ ግፍዒ ከምዝጽበዮ ስግኣት ብዘለዎ ንዝተረጋገጸሉን በቲ ዘለዎ ፍርሒ ፣ ኣብ ወጻኢ ሃገር ኮይኑ ፣ ካብቲ ሃገሩ ዑቕባ ንምርካብ ፈቃደኛ ንዘይኾነ ዝኾነ ውልቀሰብ» ናይ ዑቕባ መሰል ይወሃብ እዩ፡፡
- ብመሰረት ሓገ-መንግስታዊ ዑቕባ ዝበሃል ፣ መበቆሉ ካብ ብ1946 ዝጸደቐ ሕጊ መንግስቲ 4ይ ዓንቀጽ ዝተወሰደ ሓሳብ መሰረት፣ «ብሰንኪ ንናጽነት ንምርካብ ዝገበርዎ ምንቅስቃሳት፣ ኣንጻር ግፍዒን በደልን ንዝተቓለሰ ዝኮነ ሰብ» ናይ ዑቕባ መሰል ይወሃብ እዩ።

- ብመንገዲ ኣብ ሕቡራት መንግስቲ ንላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት (ኤችሲኣር) Haut Commissariat des Nations Unies pour les Réfugiés (HCR) ዝተዋህበ ስልጣን፤ ኤችሲኣር (HCR) ብናቱ ሕጊን ዓንቀጽ 6ን 7ን መሰረት ጌሩ ፣ ሰብ መሰል ዑቕባ እንተተቐቢሉዎ፡፡

## 1.2. ካልኣዊ ዑቕባ

ካልኣዊ ዑቕባ ኣብዚ ዝስዕብ ኩነታት ይወሃብ « ዝኾነ ሰብ ናይ ዑቕባ መሰል ረቋሒታት ከማልእ ንዘይኽእል (.....) ግን ከኣ ኣብ ሃገሩ ክስዕቦ ካብ ዝኽእል ሓደ ካብ'ዞም ከበድቲ ሓደጋታት እንተ ተረጋጊጹ፤

- ናይ ሞት ፍርዲ መቕጻዕቲ
- መግረፍቲ፣ ኢሰብኣዊ ወይ ድማ ዘዋርድ ኣተሓሕዛ
- ብሰንኪ ውሽጣዊን ፣ ዓለምለኻዊን ኲናት ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ሰብ ኣብ ህይወቶም ፣ ሓፈሻዊ መጥቃዕቲ ከምዝተፈጸመ ፣ ሓደጋ ኣብ ነብሱን ሂወቱን እንተወሪዱዎ።

> መሰል ዑቕባ ናይ ሃገር ዘይብሎምን ብመንገዲ OFPRA ኦፍፕራን (ናይ ዑቕባ ናይ ሃገር ዘይብሎም ሰባት ሓለዋ ቤት ጽሕፈት ፈረንሳ)፣ ኣብ ትሕቲ ቑጽጽር CNDA ሰንደኣ (ሃገራዊ ቤት ፍርዲ ንመሰል ዑቕባ) እዩ ዝወሃብ።

## 1.3. ሃገር ዘይብሎም ሰባት

ብመሰረት ናይ ኒውዮርክ ኮንቬንሽን (la Convention De New York) ናይ 28 መስከረም 1954 ፣ ናይ ሃገር ዘይብሎም ሰባት ኣዋጅ ፣ ሃገር ዘይብሉ ሰብ «ዝኾነ ዜጋ፣ ብዓለም ደረጃ ብዘሎ ሃገራዊ ሕጊ፣ ከም ዜጋኡ ዝቐበሎ ሃገር ዘይብሉ እዩ» ዝኾነ ሰብ እዚ መሰል ክወሃብ ይኽእል እዩ፡፡ እዚ ብርኪ ወይ ኸኣ መሰል ካብ እተን ክልተ ዓይነት ዝተጠቕሳ መሰላት ዑቕባ ዝተፈለየን፣ ዝኾነ ዜግነት ንዘይብሉ ሰብ ጥራሕ እዩ ዝምልከቶ፡፡ ናይ ግፍዒ ፍርሒ ኣብ ግምት ዘእቱ ኣይኮነን፡፡
ሃገር ዘይምሕላው መሰል፣ ብOFPRA (ናይ ዑቕባ ናይ ሃገር ዘይብሎም ሰባት ሓለዋ ቤት ጽሕፈት ፈረንሳ)‹ ኣብ ትሕቲ ቑጽጽር ቤት ፍርዲ ምምሕዳር እዩ ዘወሃብ፣ ።

ስደተኛ ሃገር የብለይን ዝብል ክሳብ ሕቶኡ ዝጽናዕ መስል መቐመጢ ኣብ መሬት ፈረንሳ ፣ ከምቲ ንሓተትቲ ዑቕባ ዝወሃቦ፣ ኣይወሃቦን እዩ።

ንምምሕዳር ዞባ (ፕረፈክቱር) ከተመልከቱ የብልኩምን፣ ናይ ዐቕባ ናይ ሃገር ዘይብሎም ሰባት ሓለዋ ቤት ጽሕፈት ፈረንሳ (ኦፍፕራ) ከተመልከቱ ኣለኩም፣ ሽምኩም፣ ኣድራሻኹም፣ ምኽንያት ሕቶኹም ክትገልጹ ኣለኩም።
ናይ ዐቕባ ናይ ሃገር ዘይብሎም ሰባት ሓለዋ ቤት ጽሕፈት ፈረንሳ (ኦፍፕራ) ዝምላእ ወረቐት ንሃገር ዘይብሎም ሰባት ሕቶ እዩ ዝምልከት። እዚ ወረቐት ክትመልእዎ ኣለኩም፣ ናይ ዝኾነት ሃገር ዜግነት ዘይምህላውኩም ምኽንያት ክትገልጹ ኣለኩም። እዚ ወረቐት ምስ መላእኩሞ ክትፍርምዎ ኣለኩም፣ ክልተ ግዝያዊ ስእሊ፣ እንተለኩም መገሺ ዶኩመንት (ትራቨል ዶኩመንት)፣ ማሕበራዊ ዶኩመንት (ልደት፣ መርዓ ወዘተ)፣ ቅዳሕ ናይ ዘይወደቐ መቐመጢ ፍቃድ ወረቐት።
እዘን ወረቓቕቲ ናብ ናይ ዑቕባ ናይ ሃገር ዘይብሎም ሰባት ሓለዋ ቤት ጽሕፈት ፈረንሳ (ኦፍፕራ) ብፖስታ « ቅብሊት ናይ ተቐባላይ ዘለዎ » ክትሰድዎ ኣለኩም።

ንቃለ-መጠይቕ ናብ ናይ ዑቕባ ናይ ሃገር ዘይብሎም ሰባት ሓለዋ ቤት ጽሕፈት ፈረንሳ (ኦፍፕራ) ክትጽውዑ ኢኹም። ሓተትቲ ዑቕባ ጠበቓ ወይ ኣባል ማሕበር ክሰንዮ ይፍቀደሉ እዩ፣ ንሃገር ዘይብሉ ሰብ ግን ኣይፍቀደሉን እዩ።
በታ እትመርጹዋ ቋንቋ ፣ ወይ እታ ዝያዳ እትዛረቡላን እትጥቀሙላን እንተላ ብኣኣ ክሰምዑኹም እዮም።

ናይ ሃገር ዘይብሎም ሰባት ሓለዋ ቤት ጽሕፈት ፈረንሳ (ኦፍፕራ) ዉሳኔኡ ብፖስታ « ቅብሊት ናይ ተቐባላይ ዘለዎ » ክሰደልኩም እዩ።

- ✓ **ናይ ሃገር ዘይብሎም ሰባት ሓለዋ ቤት ጽሕፈት ፈረንሳ (ኦፍፕራ) ዉሳኔኡ ሃገር የብሉን ዝብል እንተ ኮይኑ,** መሰላት ናይ ኩሎም ሰባት ኣብ ሓለዋ (ነጥቢ 6. መሰላት ናይ ሰባት ኣብ ሓለዋ) መሰል መቐመጢ ፍቃድ ወረቐት፣መገሺ ዶኩመንት፣ ንንቡር ሂወት ከተካይድ መሰል ይወሃበካ።

- ✓ **ናይ ሃገር ዘይብሎም ሰባት ሓለዋ ቤት ጽሕፈት ፈረንሳ (ኦፍፕራ) ዉሳኔኡ ሃገር የብሉን ዝብል እንተ ዘይተቐበሎ፣** ኣብ ቅድሚ ቤት ፍርዲ ምምሕዳር ናይ ገዛዉትኹም፡ ዉሳኔ ናይ ኦፍፕራ ብፖስታ ካብ ዝተቐበልኩምሉ ጊዜ፡ ኣብ ዉሽጢ 2 ወርሒ ይግባይ ክትብሉ ትኽእሉ ።

ይግባይ ምባል ነቲ ተወሲኑልኩም ዘሎ ጠጠዉ ኣየብሎን እዩ። እዚ ማለት መሬት ፈረንሳ ግደፈልና ዝብል ዉሳኔ እንተ ተወሲኑልካ፣ መልሲ ናይ ቤት ፍርዲ ምምሕዳር ከይመጸ እቲ ዉሳኔ ይፍጸም።

## 2. መእተዊ ኣብ መስርሕ - ኣብ መሬት ናይ ምጽናሕ መሰል

ኣብ መሬት ፈረንሳ ዑቕባ ክትሓቱ እንተ ደሊኹም፣ ኣብ ናይ ዑቕባ ናይ ሃገር ዘይብሎም ሰባት ሓለዋ ቤት ጽሕፈት ፈረንሳ (ኦፍፕራ) ሕቶኹም ከተቕርቡ ኣለኩም።
ኣብ ፈረንሳ መቐመጢ ፍቓድ ወረቐት እንተለኩም ሕቶ ዑቕባ ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም። ከምኡ እዉን መቐመጢ ፍቃድ ወረቐት እንተ ዘይብልኩም ወይ ብዘይ ፍቃድ ኣብ ፈረንሳ እንተ ኣቲኹም ዑቕባ ክትሓቱ ትኽእሉ እኹም።
ኣብ መሬት ፈረንሳ ቪሳ ሒስኩም እንተ ኣቲኹም፣ እዚ ቪዛ ከይወደቀ ሕቶ ዑቕባ ምቅራብ ተመራጺ ይኸዉን።
ኣብ ናይ ሃገር ዘይብሎም ሰባት ሓለዋ ቤት ጽሕፈት ፈረንሳ (ኦፍፕራ) ሕቶ ዑቕባ ከተቕርቡ እንተ ደሊኹም ቅድም ኣብ ሓባራዊ ቤ/ጽሕፈት ናይ ከባቢኹም ክትምዝገቡ ኣለኩም ( ነጥቢ 4 ተወከስ ፣ ኣንፈት ናይ ሕቶ ዑቕባ)።
ኣብ ፈለማ ሰራሕተኛ ምምሕዳር ዞባ (ፕረፌክቱር) እቲ ዝሰደድኩሞ ሓበሬታ ናብ ሓባራዊ ቤ/ጽሕፈት ክቕብሎ እዩ።
ብድሕሪኡ ኣባል ናይ ቤ/ጽ ፈረንሳ ናይ ኢሚግሬሽንን ውህደትን ወጻእተኛታት (OFII) ዉልቃዊ ኩነታትኩም ክምርምሮ እዩ።
ኩሉ ረቛሒታት እንተ ኣማሊኹም፣ ወረቐት ሕቶ ዑቕባ ከም ዘቐረብኩም ዝሕብር ክወሃበኩም እዩ፣ እዚ ወረቐት ንሓደ ወርሒ የገልግል፣ ኣብ መሬት ፈረንሳ ንኽትጸንሑ የፍቅድ።

### 2.1. ምዉሳን ሓላፍነት ዘለዎ መንግስቲ ኣብ ምምርማር ሕቶ ዑቕባ

መንግስቲ ፈረንሳ ሓላፍነት ኣብ ምምርማር ሕቶ ዑቕባ ኹም ንምዉሳን፣ ንሓደ ስርሓተኛ ናይ ምምሕዳር ዞባ (ፕረፌክቱር) ዓሸራ ናይ 10 ኣጻብዕቲ ኢድን ሕቶታት ብዛዕባ ጉዕዞኹም ካብ ዓድኹም፣ ምትእስሳር ምስ ኣባላት ስድራቤትኩም ምስ ካልኦት ሕቡራት ሃገራት ይወስድ። ካብ'ዚ ኹሉ ተመርኲሱ ኣየናይ ሃገር ሕቶ ዑቕባ ክምርምሮ ከምዘለዎ ብመሰረት ሕጊ ቁ. 604/2013 ናይ ኤዉሮፓ ፓርላማን ምኽሪ ናይ 26 ሰነ 2013 (ሕጊ ዱብሊን 3ይ) ይዉሰን።

**ደብሊን 3ይ (Dublin III) ዝምልከተን ሃገራት**

28 ሃገራት ኣባላት ሕብረት ኤውሮጳ ምስ 4 መሓዙት ኣለዋ፣ እዚኣተን ድማ፣ ጀርመን፣ ኦስትሪያ፣ በልጅም፣ ቡልጋሪያ፣ ሲጽሮስ፣ ክሮኣሲ፣ ዴንማርክ*፣ ስፔን፣ ኢስቶኒያ፣ ፊንላንድ፣ ፈረንሳ፣ ግሪኽ፣ ሃንጋሪ፣ ኣየርላንድ፣ ጣልያን፣ ላቲቪያ፣ ሊቱዋኒያ፣ ሉክዘምበርግ፣ ማልታ፣ ቼክ ሪፐብሊክ፣ ሆላንድ፣ ፖላንድ፣ ፖርቱጋል፣ ሮማኒያ፣ ዓባይ ብሪጣንያ፣ ሰሎቫኪያ፣ ስሎቬኒያ፣ ስውዲን ከምኡ'ውን ስዊዘርላንድ፣ ኣይስላንድ፣ ኖርዌይን፣ ሊክተንሸተይን እየን።
*ዴንማርክ ኣብ ናይ ደብሊን 3ይ ኮንቬንሽን ኣይፈረመትን፤ ኮይኑ ግና ናይ ደብሊን II. ኮንቬንሽን ትሕዝቶ ካብ 15 ሰነ 1990 ጀሚራ ኣብ ግብሪ ተውዕል ኣላ፡፡

**ኣብ ክንዲ ፈረንሳ፣ ካልእ ኣባል ናይ ሕቡራት ሃገራት ኤዉሮፓ፣ ነቲ ናትኩም ሕቶ ዑቕባ ክጽንዖ ሓላፍነት ንኣብነት ኣብዘን ዝስዕባ ኩነታት፣**

- ካልእ ኣባል ሑቡራት ሃገራት ኤዉሮፓ መቐመጢ ወረቐት ወይ ዘይወደቀ ቪዛ እንተ ሂቡኩም፣
  ናይ ካልእ ኣባል ሃገር ዶብ ብዘይሕጋዊ መንገዲ ብምድሪ፣ ብኣየር ወይ ድማ ብባሕሪ ከምዘቋረጽኩም/ከምዝሰገርኩም እንተተረጋጊጹ፣
- ናብ ግዝኣት ኣውሮጳዊ ሕብረት ክትኣትዉ እንከለኹም፣ ቪዛ ናይ ካልእ ኣባል ሃገር እንተዳኣ ተዋሂቡኩም ኔሩ፣
- ኣብ ካልእ ኤውሮጳዊት ሃገር ኣቐዲምኩም ዑቕባ ሓቲትኹም እንተ ኔርኩም፣

**ሓላፍነት ናይ ካልእ ኣባል ሕቡራት ሃገራት**፣ ኣብ ካልእ ኣባል ሃገር ጉዳይኩም ይምርመር እንተሎ፤ ናትኩም ሕቶ ዑቕባ ክምርመር/ክረአ ዘለዎ ካብ ፈረንሳ ወጻኢ ብኻልእ ሃገር ኤዉሮጳ እንተኾይኑ፡ እቲ ሃገር ንዓኹም ንኽቕበል ነቲ ምምሕዳር ሕቶ የቕርብ፡፡ እቲ ሃገር መልሲ ክሳብ ዝህብ ኣብ ውሽጢ ፈረንሳ ንምጽናሕ ዘድልየኩም ሰነድ በቲ ቤት ጽሕፈት ክወሃበኩም እዩ፡፡
እዚ ምትሕልላፍ ኣብ ሞንጎ ሃገራት ብመንገዲ ምምሕዳር ዞባ (ፕረፌክቱር) ብኸመይ መንገዲ ከምትኸዱ ክሕብረኩም እዩ። ኣብ ዉሽጢ 15 መዓልቲ ነዚ ዉሳኔ ክትቃውምዎ መሰል ኣለኩም።

**ሓላፍነት ናይ ፈረንሳ**፣ ብመሰረት ሕጊ ዱብሊን ናትኩም ናይ ዑቕባ ሕቶ ብዝምልከት ፈረንሳ ሓላፍነት ከምዘለዋ እንተደኣ ተወሲኑ፣ እቲ ኣገባብ ኣብ ዝስዕብ ዓንቀጽ (2.2 ኣስተብህል) ክግለጽ እዩ፡፡

**2.2.** መሰል ንምጽናሕ ኣብ መሬት ፈረንሳ

ሕቶ ዑቕባ ናይ መንግስቲ ፈረንሳ ሓላፍነት እዩ ተባሂሉ እንተ ተወሲኑ፣ ንወርሒ ተገልገል ግዝያዊ መንበሪ ፈቓድ ክትወሃበኩም እያ። ምምሕዳር ዞባ (ፕረፈክቱር) ኣብ'ዘን ዝስዕባ ኩነታት ነታ ግዝያዊ መንበሪ ፈቓድ ንከይወሃበኩም ክውስን ይኽእል፣

- ዳግማይ መርመራ ስለዝሓተትኩም (3.4 ተወከስ)
- ናብ ካልእ ሃገርኩም ዘይኮነ ሃገር ክትከዱ ወይ ብሃገራት ኤዉሮፓ ወይ ዓለማዊ ገበናዊ ቤት ፍርዲ ናይ ምእሳር ዉሳኔ ስለዝተወሰነልኩም፣

ኣብ'ዛ ወርሒ፣ ኣብ ዉሽጢ 21መዓልቲ፣ ናይ ዑቕባ ሕቶ ወረቐት፣ ናብ ኦፍፕራ (ናይ ዑቕባ ናይ ሃገር ዘይብሎም ሰባት ሓለዋ ቤት ጽሕፈት ፈረንሳ)ክትመልሱዎ ኣለኩም (ዓንቀጽ 3. ኣገባብ መርመራ ናይ ሕቶ ዑቕባ ተወከስ)።
ናይ ሕቶ ዑቕባ ወረቀትኩም ሙሉእ እንተ ኮይኑ፣ ኦፍፕራ (ናይ ዑቕባ ናይ ሃገር ዘይብሎም ሰባት ሓለዋ ቤት ጽሕፈት ፈረንሳ) ናይ ዝተቀበሎ ደብዳቤ ምስክር ክሰደልኩም እዩ። ግዝያዊ መንበሪ ፈቓድ ንምሕዳስ እዚ ደብዳቤ ናብ ምምሕዳር ዞባ (ፕረፈክቱር) ክትወስድዎ ኣለኩም ።
እዚ ወረቐት ምስክር ክሳብ ውሳኔ ናይ ኦፍፕራ (ናይ ዑቕባ ናይ ሃገር ዘይብሎም ሰባት ሓለዋ ቤት ጽሕፈት ፈረን) ወይ ይግባይ ኣብ ሰንደአ ክሳብ ዝዉሰን ይገልግል (3.2 መርመራ ብሃገራዊ ቤት ፍርዲ ንመሰል ዑቕባ ፣ ሰንደአ) ።
ናይ ምሕዳስ ግዜ ምስ ኣኸለ፣ ምምሕዳር ዞባ (ፕረፈክቱር) ዝሓተተን ወረቓቕቲ፡ እትቕመጡሉ ኣድራሻ ዝሕብር ወረቐት፣ ወይ ናይ ዝዕንግለኩም ዘሎ ማሕበር ኣድራሻ ከተቕርቡ ኣለኩም።
ፈለማ ምሕዳስ ወረቐት ምስክር ኣብ ንቡር መርመራ፣ ን9 ወርሒ፡ ኣብ ፈጣን መርመራ ን6 ወርሒ የገልግል።
ኣብ ዝቕጽል መርመራ፣ እቲ ወረቐት ምስክር ኣብ ንቡር መርመራ ን6 ወርሒ፣ ኣብ ፈጣን መርመራ ን3 ወርሒ የገልግል።
ሕቶ ዑቕባ ሓላፍነት ናይ ካልእ ኣባላት ሕቡራት ሃገራት ኤውሮፓ እንተ ኾይኑ፣ ናይ ዱብሊን ኣሰራርሓ እንተ ተጀማሚሩ፣ ወረቐት ምስክር ኣብ ፈለማ ን 1 ወርሒ የገልግል፣ ኣብ ምሕዳሱ ን 4 ወርሒ የገልግል (2.1 ምዉሳን ሓላፍነት ዘለዎ መንግስቲ ኣብ ምምርማር ሕቶ ዑቕባ ተወከስ)።

ተጠንቀቑ ! ወረቐት ምስክር ሕቶ ዑቕባ ኣብ ካልኦት ሃገራት ሕብረት ኤዉሮፓ ንክትዛወሩ ኣየፍቅድን እዩ።

ምምሕዳር ዞባ (ፕረፈክቱር) ወረቐት ምስክር ሕቶ ዑቕባ ኣብ እዘን ዝስዕባ ኩነታት ከሕድገኩም ወይ ከይሕደስ ክውስን ይኽእል፣

- ኦፍፕራ ሕቶ ዑቕባ ቅቡል ኣይኮነን ኢሉ እንተወሲኑ (3.3 ዘይቅቡልን ምድምዳም ናይ ሕቶ ዑቕባ ተወከስ)፣
- ንኦፍፕራ ሕቶ ዑቕባ ከምዝሰሓብኩሞ ሓቢርኩም እንተለኹም (3.3 ዘይቅቡልን ምድምዳም ናይ ሕቶ ዑቕባ ተወከስ)፣
- ኦፍፕራ ነቲ ሕቶኹም ምስ ዓጸዎ፡ ንስኹም ነቲ ሕቶ እንደገና ክኽፈት ዘይሓተትኩም እንተኾይንኩም (3.3 ተወከስ )፣
- ዳግማይ መርመራ ንኽግበረልኩም ሓቲትኩም ቅቡል ከምዘይኮነ ተወሲኑልኩም እንተሎ፣ ምኽንያቱ ዕላምኡ መሬት ናይ ምግዳፍ ውሳኔ ንምዕጋት እዩ (3.4 ዳግማይ መርመራ ተወከስ)።
- ሓዲሽ ናይ ዳግማይ መርመራ ስለዘቕረብኩም (3.4 ተወከስ)
- ናብ ካልእ ሃገርኩም ዘይኮነ ሃገር ክትከዱ ስለዝተወሰነልኩም፣ ወይ ሃገራት ኤዉሮፓ ወይ ናይ ዓለማዊ ገበናዊ ቤት ፍርዲ ናይ ምእሳር ዉሳኔ ስለዘሕለፈ።

ኣብ'ዘን ዝስዕባ ኩነታት መሬት ፈረንሳ ብኽብረት ክትገድፉ ኣለኩም፣ ናይ ምግዳፍ ዉሳኔ ከይተበየነልኩም እንክሎ ተመራጺ ይኸዉን።

# 3. ኣገባብ መርመራ ሕቶ ዑቕባ

## 3.1. መርመራ ብፈረንሳዊ ቤት ጽሕፈት ንምሕላዉ ዑቕባን ሃገር ዘይብሎም ሰባትን (ኦፍፕራ OFPRA)

ኣብ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ዞባ ምስ'ቲ ዑቕባ ክም ዝሓተትኩም ዝምስክር ወረቐት ካልእ ተመሊኡ ናብ ኦፍፕራ ዝለኣኽ ናይ ዑቕባ ፎርም ተዋሂቡኩም ነይሩ።

ዑቕባ ክትሓቱ እንከለኹም፡ እንታይ ዓይነት ዑቕባ ክም እትደልዩ ከተነጽሩዎ ኣይትግደዱን ኢኹም (ስደተኛ ዶ ካልእ ዓይነት ዑቕባ)። እዚ መስርሕ'ዚ ሕቶኹም ብኦፍፕራ፡ ፈለማ ብዓይኒ ስደተኛ፡ ኩነታትኩም ዘየፍቅዶ እንተኾይኑ ድማ ብካልእ ኣማራጺ ዝምርመረሉ ፍሉይ መስርሕ እዩ።

ኦፍፕራ ክም ስደተኛ ክቕበለኩም ወይ ካልእ ናይ ዑቕባ መሰላት ክህበኩም እንተዘይክኢሉ፡ ኣብ CNDA ዝተባህለ ሃገራዊ ቤት ፍርዲ ንመሰል ዑቕባ ሓገዝ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም (ኣብ 3.2 ሃገራዊ ቤት ፍርዲ ንመሰል ዑቕባ ብዛዕባ ዝቐረበ ሕቶ ዑቕባ ንምጽራይ ዘካይዶ መርመራ ተወከስ)። ብተመሳሳሊ፡ ኦፍፕራ እንተድኣ ካልኣዊ ዓይነት ዑቕባ ጥራይ ኣፍቂዱልኩም እሞ ክትጠርዑ ደሊኹም፡ ኣብ'ዚ ሃገራዊ ቤት ፍርዲ ንመሰል ዑቕባ ሓገዝ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

ዑቕባ ክትሓቱ እንከለኹም እትህቡዎ ሓበሬታታት ኩሉ ብምስጢር ዝተሓዝ ኰይኑ፡ ብምንም ተኣምር ናብ ሰበ-ስልጣን መበቆላዊ ሃገርኩም ኣይክመሓላለፍን እዩ።

### ■ ዝምላእ ፎርም ናይ ኦፍፕራ ፈረንሳዊ ቤት ጽሕፈት ንምሕላዉ ዑቕባን ሃገር ዘይብሎም ሰባትን

**እቲ ፎርም ብቛንቛ ፈረንሳ ክምላእ ኣለዎ፡ ተፈሪሙ ድማ ምስ ቅዳሕ ናይ'ቲ ትጥቀሙሉ ዘለኹም ዑቕባ ክም ዝሓተትኩም ዘረጋግጽ ምስክር ወረቐት፡ ክልተ ናይ መንነት ስእልታትን ኣብ ኢድኩም ዘሎ መንቀሳቐሲ ሰነድን ክሰነ ይግባእ። ሕቶኹም ኣብ ኦፍፕራ ክምዝገብ እንተኾይኑ፡ እዘን ዝተጠቕሳ ወረቓቕቲ ግድን ክቐርባ ኣለወን።**

### ■ ምልኣኽ ፋይል

**ፋይልኩም ምስ ተመልአ፡ ካብ'ቲ ዑቕባ ክም ዝሓተትኩም ንምርግጋጽ ምስክር ዝተዋሃበኩምሉ ዕለት እንተደንጐየ ኣብ ውሽጢ ዕስራን ሓደን መዓልታት (ብዘይካ ዳግማይ ንኽምርመር ዝቐርብ ሕቶ) ብመንገዲ ፖስጣ ጥራይ ኣብ'ዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ትልእኩዎ።**

OFPRA
201, rue Carnot
94 136 FONTENAY-SOUS-BOIS CEDEX

ንኣብነት፡ ዑቕባ ክም ዝሓተትኩም ንምርግጋጽ ምስክር ዝተዋሃበኩምሉ ዕለት 10 ጥሪ እንተኾይኑ፡ ፋይልኩም እንተደንጐየ ብዕለት 31 ጥሪ ናብ ኦፍፕራ ክስደድ ኣለዎ። ናይ እንዳ ፖስጣ ክታም መረጋገጺ ኣለዎ።
ፋይልኩም ክም ዝበጽሐ ንምርግጋጽ ዝሕግዝ « ቅብሊት ናይ ተቐባላይ ዘለዎ » ዝብል ኣገባብ ተጠቒምኩም ክትልእኩዎ ኣጥቢቕና ነተሓሳስብ። ኣብ'ቲ « expéditeur » « ሰዳዲ » ዝብል ቦታ ስምኩም ብንጹር ኣስፍሩ።
ፋይልኩም ሙሉእ እንተዘይኰይኑ፡ ኦፍፕራ መሊሱ ክሰደልኩምን፡ ዝጐደለ መሊእኩም ዳግማይ ክትልእኩዎ፡ ተወሳኺ ሾሞንተ መዓልታት ክፍቅደልኩም እዩ። ኣብ ውሽጢ'ዘን ሾሞንተ መዓልታት ፋይልኩም እንተዘይሰዲድኩሞ፡ ኦፍፕራ ንሕቶኹም ክዓግቶ እዩ። ዑቕባ ክም ዝሓተትኩም ዝወሃበኩም ምስክር ድማ ኣይሕደሰልኩምን።

ተወሳኺ ባእታታት እንተሃልዩኩም፡ ኣብ ዝኾነ እዋን ናይ'ዚ መስርሕ፡ ናብ OFPRA ክትልእኩዎ ትኽእሉ ኢኹም። እንተኾነ፡ ኣብ ነብስ ወከፍ ናብ OFPRA እትልእኩዎ መልእኽቲ፡ ኣብ ናይ ዑቕባኹም ሕቶ መመዝገቢ ደብዳበ ዝርከብ ቊጽሪ መዝገብ ምጽሓፍ ኣይትረስዑ።
ኣድራሻ እንትቕይርኩም፡ ኣብ ዝሓጸረ ጊዜን ብፖስጣን ንኦፍፕራ ክትሕብሩ ይግባእ። እቲ ዝለኣኽ ፖስጣ ሪኮማንዳቶ « ቅብሊት ናይ ተቐባላይ ዘለዎ » እንተኾነ ተመራጺ እዩ። በዚ ድሒሩ ዝፈለጦ ኣድራሻ ኸኣ እዩ OFPRA ንቃለ-መጠይቕ ክጽውዓኩም ወይ ንናይ ዑቕባ ሕቶኹም ዝምልከት ውሳኔ ክህበኩም እንተ ደልዩ መልእኽቲ ዝሰደልኩም።
ናብ ኦፍፕራ ናይ ዝለኣኽኩሞን ካብ'ቲ ቤት ጽሕፈት ዝተቐበልኩሞ ደብዳበታትን፡ ከምኡ እውን ዝለኣኽኩምሉን ዝተቐበልኩምሉን ናይ ፖስጣ መረጋገጺታት ኩሉ ቅዳሕ ኣትሪፍኩም ብጥንቃቐ ሓዙ።

## ■ መረጋገጺ ምምዝጋብ ሕቶ ኣብ OFPRA

ፋይልኩም ሙሉእ ኰይኑ በቲ ዝተመደበሉ ጊዜ ምስ በጽሐ፡ ሕቶኹም ምምዝጋቡን ቊጽሪ ፋይልኩም ዝሕብርን ደብዳበ ካብ ኦፍፕራ ክለኣኽልኩም እዩ። እዚ ሰነድ'ዚ ናይ ዑቕባ ሕቶኹም ኣብ ኦፍፕራ ከም ዝቐረበ ዘረጋግጽ ወግዓዊ መርትዖ እዩ። እዚ ሰነድ'ዚ ከኣ እዩ ነቲ ዑቕባ ከም ዝሓተትኩም ዘረጋግጽ ቀዳማይ ምስክር ወረቐትኩም ንምሕዳስ ዘገልግለኩም።

## ■ ንቡር ወይ ፈጣን መስርሕ መርመራ ሕቶ

## ናይ ዑቕባ ሕቶኹም ኣብ ኦፍፕራ ብንቡር ወይ ብፈጣን መስርሕ ይምርመር።

ብፈጣን መስርሕ እቲ ናይ መርመራ ጊዜ ናብ ዓሰርተ ሓሙሽተ መዓልታትት ክሕጸር እንክሎ፡ ካብ'ቲ ንቡር መስርሕ ዘይፍለ ውሕስነት ኣለዎ። ብኻልእ ወገን፡ ኦፍፕራ ብመሰረት ፋይልኩምን ፍሉይ ኵነታትኩምን ዘድሊ ኰይኑ እንተ ረኺቡዎ፡ ሕቶኹም ብንቡር መስርሕ ንኽምርመር ክሰርዖ ተኽእሎ
ሕቶኹም ኣብ ኦፍፕራ ብፈጣን መስርሕ ዝምርመር፡ ካብ'ቲ ፍሉይ መቕበሊ ኣትሒዙ እዩ (ጒዕዞ ሓታቲ ዑቕባ ኣብ 4.1 ተመልከት)
ብተወሳኺ ኦፍፕራ ኣብ'ዘን ዝስዕባ ኵነታት ፈጣን መስርሕ ክእዝዝ ይኽእል

- እንተድኣ ናይ ሓሶት ሰነዳት ኣቕሪብኩም፡ ን ኦፍፕራ ንምትላል ዝዓለመ ጌጋ ሓበሬታ ሂብኩም ወይ ሓበሬታ ሓቢእኩም
- እንተድኣ ብካልእ መንነት ተጠቒምኩም፡ ካልእ ናይ ዑቕባ ሕቶታት ኣቕሪብኩም
- ኣብ'ቲ ናይ ዑቕባ ሕቶኹም ዘቕረብኩሞ መርትዖ፡ ዑቕባ ከም ዘድልየኩም ዘይሕብር እንተኾይኑ
- ከምኡ'ውን ሓበሬታኹም ዘይስጡም፡ ተገራጫዊ፥ ሓሶት ወይ ዘይተኣማኒ፡ እቲ ቤት ጽሕፈት ብዛዕባ ዓድኹም ንዝፈልጦ ዝጻረር እንተኾይኑ።

ጉዳይኩም ኣብ ፈጣን መስርሕ ምስርዑ ክትቃወሙ እንተደሊኹም፡ ኣብ ሃገራዊ ቤት ፍርዲ ንመሰል ዑቕባ ምስ ቀረብኩም ጥራይ እዩ ተግባራዊ ዝኸውን።

## ■ ቃለ-መጠይቕ ኣብ ኦፍፕራ

ሕቶኹም ሓንሳእ ኣብ ኦፍፕራ ምስ ተመዝገበ፡ ንቃለ-መጠይቕ መጸዋዕታ ክስደደልኩም እዩ።
ካብ'ዚ ቃለ-መጠይቕ ናጻ ዝገብረኩም ክልተ ኵነታት ኣሎ፦

- እቲ ኣብ ፋይልኩም ዘስፈርኩሞ ሓበሬታ፡ ኦፍፕራ ከም ስደተኛ ንኽቕበለኩም ብቑዓት እንተሃልዩዎ

- ካብ ቊጽጽርኩም ወጻኢ ዝኾነን ጊዜ ዝወስድን ናይ ጥዕና ጸገም ኣብ'ዚ ቃለ-መጠይቕ ካብ ምቕራብን ምስታፍን እንተዓጊቱኩም

ንቃለ-መጠይቕ እንተተጸዊዕኩም፡ ኣብ Fontenay-sous-Bois ኣብ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ኦፍፕራ ክትርከቡ ኣለኩም። ኣብኡ፡ « ብዓል ስልጣን ዑቕባ » ዝተባህለ ወኪል ናይ ኦፍፕራ ክሰምዓኩም እዩ። ኣድላዪ እንተኾይኑ፡ ኦፍፕራ

ዝመዘዞ፡ ነቲ ኣብ ናይ ዑቕባ መእተቲ ፎርም ከም እትዛረቡዎ ዝመላእክሞ ወይ ትዛረቡዎ ኢኹም ተባሂሉ ዝተኣመነሉ ቋንቋ ዝዛረብ ተርጓማይ ክምደብ እዩ።

ኣብ'ዚ ጻውዒት'ዚ እንተ ዘይተረኺብኩም፡ ብኩራትኩም ኣብ ልዕሊ ናይ ዑቕባ ሕቶኹም ኣሉታዊ ሳዕቤን ክህልዎ ይኽእል እዩ። ማዕረ ምዕጻው ፋይል'ውን ከስዕብ ይኽእል እዩ። ስለ'ዚ ዝኾነ ጸገም እንተ'ጓኒፉ፡ ቅድሚ ኣርብዓን ሾሞንተን ስዓታት ንኦፍፕራ ክትሕብሩ ወይ ምድንጓይኩም ከተመልክቱ ይግባእ።

ኣብ መወዳእታ ናይ'ቲ ቃለ-መጠይቕ ርእይቶ ዝህብ ጠበቓ ወይ ወኪል ናይ ኦፍፕራ ብወግዒ ዝፈልጦ ማሕበር ከሰንየኩም እንተ ደሊኹም፡ ኣብ'ቲ ርክብ ምሳኹም ክቐርብ ይኽእል እዩ። እቲ ዝተባህለ ጠበቓ ወይ ወኪል ኣብ'ቲ መጻዋዕታ ብስዓቱ እንተ ዘይተረኺቡ፡ እቲ ቃለ-መጠይቕ ክመሓላለፍ ኣይክእልን እዩ።

ዑቕባ መሕተቲኹም ኣብ እተቕርቡዎ ምኽንያት ብሰንኪ ዘጓንፈኩም ጸገማት፡ ኣብ'ቲ ቃለ-መጠይቕ፡ ጾታኡ ባዕልኹም ዝመረጽኩሞ ወኪል ናይ'ቲ ቤት ጽሕፈት ወይ ኣስተርጓማይ ክህሉ እንተደሊኹም፡ ንኦፍፕራ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

እቲ ቃለ-መጠይቕ ምስጢራዊ እዩ። እቲ ቃለ-መጠይቕ ዘካየደልኩም ብዓል ስልጣን ዑቕባ ነቲ ዝሃብኩሞ ሓበሬታታት ጸሚቑ ብጸብጻብ ከቕርቦ እዩ። እንተድኣ ጠሊብኩሞ ድማ፡ ኣብ ንቡር መስርሕ እቲ ጸብጻብ ውሳኔ ቅድሚ ምውሳዱ፡ ኣብ ፈጣን መስርሕ እንተደንጕየ ኣብ ጊዜ ውሳኔ ክመሓላለፈልኩም እዩ።
እዚ ቃለ-መጠይቕ ብድምጺ እውን ክቕረጽ እዩ። ቅዳሕ ናይ'ዚ ድምጺ ኦፍፕራ ኣሉታዊ መልሲ እንተሂቡ እሞ ኣንጻር'ዚ ውሳኔ ጥርዓን ምስ ዝህልወኩም ጥራይ እዩ ክወሃበኩም ዝኽእል።

### ✓ ቃለ-መጠይቕ ብቪድዮ ኮንፈረንስ

ብሰንኪ ርሕቀት ቦታ (ብፍላይ ኣብ ስግር ባሕሪ ዝርከባ ምምሕዳራት እንተሃሊኹም) ወይ ብሰንኪ ፍሉይ ኩነታት (ብስንኪ ጥዕና ወይ ናይ ስድራ ጽገም ክትንቀሳቐሱ እንተዘይክኣልኩም፡ ወይ ናጽነት ምንቅስቓስ ኣብ ዘየፍቅድ ቦታ እንተ ሃሊኹም) እዚ ቃለ-መጠይቕ ኣብ Fontenay-sous-Bois ዘይኮነስ፡ ብርሕቀት፡ ብመንገዲ ናይ ኣውድዮ ቪዥዋል መራኸቢታት ክካይድ ይኽእል። ኣብ ከም'ዚ ዓይነት ኩነታት፡ እቲ ጠበቓ ወይ ናይ'ቲ ዝሕግዘኩም ማሕበር ወኪል ኣብ ጐድንኹም ይህሉ። ተርጓማይ ኣብ ጐድኒ'ቲ ናይ ዑቕባ ብዓል ስልጣን ይኸውን።

ኣብ ሰለስቲኣን ኣብ ኣሜሪካ ዝርከባ ምምሕዳራት ፈረንሳ፡ ማለት ጓድሉፕ፡ ማርቲኒክን ጋያናን ንዝቐርቡ ናይ ዑቕባ ሕቶታት ውጽኢታዊ ኣገልግሎት እትህብ ኣንቴና ኣብ « ባስ ቴር » (ምምሕዳር ጓድሉፕ) ተተኺላ ኣላ። ናይ ዑቕባ ሕቶኹም ኣብ ሓንቲ ካብ'ዘን ሰለስተ ምምሕዳራት፡ ወይ ብቐጥታ ኣብ ባስ ቴር፡ ወይ ብቪድዮ ኮንፈረንስ፡ ወይ ድማ ኣብ'ቲ እትነብሩሉ ምምሕዳር ብዝተሰደዱ ልኡኻት ክስማዕ እዩ።

## ■ ውሳኔ ናይ ኦፍፕራ

### ✓ ምድንጓይ

ውሳኔ ናይ ኦፍፕራ ዝወስዶ ጊዜ ዝተፈላለየ እዩ። ኣብ ፈጣን መስርሕ፡ ብገምጋም ዓሰርተ ሓሙሽተ መዓልታት ክወስድ እንከሎ፡ ኣብ ንቡር መስርሕ ክሳዕ ብዙሓት ኣዋርሕ ይወስድ። ውሳኔ ኦፍፕራ ንነዊሕ እዋን እንተደንጕዩ፡ ሕቶኹም ተነጺጉ ማለት ኣይኮነን። ኦፍፕራ ኣብ ውሽጢ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ውሳኔ ክወስድ እንተዘይክኢሉ፡ ብደብዳበ ክፍልጠኩም እዩ። ስለ'ዚ ደብዳበኹም ብስሩዕ ክትከታተሉዎ ይግባእ።

### ✓ ኣርባሒ ውሳኔ

ሕቶኹም ኣርባሒ ውሳኔ እንተረኺቡ :

- ወይ ስደተኛ ምኳንኩም ተኣሚኑልኩም፡ ኦፍፕራ ከም ስደተኛ ከም ዝተቐበለኩም ንዘሕለፎ ውሳኔ ክመሓላልፈልኩም እዩ፡
- ወይ ናይ ካልኣዊ ዑቕባ ተጠቃሚ ኰይንኩም፡ ኦፍፕራ ነዚ ናይ ካልኣዊ ዑቕባ ተጠቃምነት ዘረጋግጸልኩም ውሳኔ ክመሓላልፈልኩም እዩ።

✓ **ዘየርብሕ ውሳኔ**

ዑቕባ ንምርካብ ዘቕረብኩሞ ሕቶ እንተ ተነጺጉ፡ ኦፍፕራ ነቲ ብቋንቋ ፈረንሳ ዝተዳለወ ውሳኔ፡ ከምኡ'ውን ክትርድኡዎ ትኽሉ ኢኹም ተባሂሉ ናብ ዝተኣመነሉ ቋንቋ ዝተተርጎመ፡ ሕቶኹም ከም ዝተነጸገ ዝሕብር ሰነድ ክልእከልኩም እዩ።
ኣብ'ዚ ውሳኔ ተቓውሞ እንተለኩም፡ ካብ'ቲ ዝተሓበረኩም ዕለት ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ናብ ሃገራዊ ቤት ፍርዲ ንመሰል ዑቕባ (CNDA) ክትጠርዑ ትኽእሉ ኢኹም።
ጥርዓንኩም ንምቕራብ ኣብ ሕጋዊ መዳይ ሓገዝ ዘድልየኩም እንተኾይኑ፡ ሕቶኹም ምንጻጉ ካብ ዝተሓበርኩምሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ ሓሙሽተ መዓልታት ወይ ኣብ ጊዜ ጥርዓን ሓገዝ ክግበረልኩም ሕተቱ።

> ኦፍፕራ ናይ ምንጻግ ውሳኔ ካብ ዝሓበረኩም ጊዜ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ኣብ ሃገራዊ ቤት ፍርዲ ንመሰል ዑቕባ (CNDA) ጥርዓን እንተዘየቕሪብኩም፡ ኣብ'ዛ መሬት ናይ ምጽናሕ መሰልኩም ኣብቂዑ፡ ካብ ፈረንሳ ክትለቁ ክትግደዱ ኢኹም።

## 3.2. ብሃገራዊ ቤት ፍርዲ ንመሰል ዑቕባ (CNDA) ዝካየድ መርመራ

### ■ ምድንጓይ ጥርዓን

ኦፍፕራ ንውሳኔኹም ከም ዝነጸጎ ካብ ዝሓበረኩም ጊዜ፡ ጥርዓንኩም ኣብ ሃገራዊ ቤት ፍርዲ ንመሰል ዑቕባ ንምቕራብ ሓደ ወርሒ ኣለኩም። ኦፍፕራ ንሕቶኹም ነጺጉዎ እንተኾይኑ፡ ዑቕባ ክወሃበኩም፡ ካልኣዊ ዑቕባ ጥራይ ተወሲኑልኩም እንተኾይኑ ድማ ናይ ስደተኛ መሰል ክወሃበኩም ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ከም'ዚ ዓይነት ኩነታት፡ ሃገራዊ ቤት ፍርዲ ንመሰል ዑቕባ እውን ናይ ስደተኛ መሰል ክኣምነልኩም እንተዘይክኢሉ፡ ነቲ ብኦፍፕራ ተፈቒዱልኩም ዝነበረ ናይ ካልኣዊ ዑቕባ መሰል ክዕቅበልኩም ኣይክእልን እዩ።

እዚ ጥርዓን'ዚ ቅድሚ'ቲ ዝተዋህበ ናይ ሓደ ወርሒ ዕድል ኣብ ሃገራዊ ቤት ፍርዲ ንመሰል ዑቕባ ክበጽሕ ይግባእ (ንኣብነት፡ ናይ ምንጻግ ውሳኔ ብዕለት 20 ጥሪ ካብ ፖስጣ ተቐቢልኩሞ እንተኾይንኩም፡ ጥርዓንኩም እንተነውሐ ብዕለት 21 ለካቲት ኣብ ሃገራዊ ቤት ፍርዲ ንመሰል ዑቕባ ክምዝገብ ኣለዎ። ስለ'ዚ ጥርዓንኩም ቅድሚ'ቲ ዝተወሰነልኩም ናይ መወዳእታ መዓልቲ ክለኣኽ ይግባእ። ንኣገባብ ኣሳድዳ መልእኽቲ ብዝምልከት፡ ቅብሊት ብዘለዎ ሪኮማንዳቶ ወይ ብንቡር ይኹን ብቴሌኮፒ ክትሰዱዎ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ሃገራዊ ቤት ፍርዲ ንመሰል ዑቕባ ክበጽሕ እንከሎ፡ እቲ ናይ ወርሒ ዕድል እንተተሓሊፉ ግን፡ መልእኽትኹም ቅቡል ኣይከውንን፡ ኣይስማዕን፡ ኣይምርመርን።

### ■ ጥርዓን

እዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ክኽበሩ ኣለዎም :-

- ፈለማ ብዳሕረዋይ ገጽ ናይ'ቲ ኦፍፕራ ዝወሰኖ ናይ ምንጻግ ሰነድ ተጻሒፉ ንዘሎ መብርሂ ብግቡእ ኣንብቡዎ።
- እቲ ጥርዓን ብቋንቋ ፈረንሳ ኰይኑ፡ ስምኩም፡ ስም ወላዲኹም፡ ሙሉእ ሲቪላዊ ሓበሬታኹም፡ ስራሕኩምን ኣድራሻኹምን ኣብ ናጻ ወረቐት ክጸሓፎ ኣለዎ (ፍሉይ ፎርም የብሉን)። ጥርዓን ምኧኑ ክትሕብሩን ናይ ኦፍፕራ ቍጽሪ መዝገብ ክትጠቕሱን ይግባእ።
- ቅዳሕ ውሳኔ ናይ ኦፍፕራ ናይ ግድን ምስ'ቲ ጥርዓን ኣሰኒኹም ከተቕርቡ ኣለኩም።
- ንጥርዓን ዘብቅዓኩም ምኽንያት፡ ማለት ስለምንታይ ነቲ ብወገን ኦፍፕራ ዝቐረበ ናብ ምንጻግ ምኽንያታት፡ ወይ ንኦፍፕራ ናይ ካልኣዊ ዑቕባ ጥራይ እምበር ናይ ስደተኛ መሰል ከይትወሃቡ ዘብቅዖ ምኽንያታት ከም ዘይተሰማማዕኩምሉ መብርሂ ሃቡ።
- ኣብ ኢድኩም ዝርከብ ንመንነትኩምን ዜግነትኩምን ዝምስክር ሰነዳት ምስ'ቲ ጥርዓን ኣሰኒኹም ኣቕርቡ።
- ንመግለጺኹም መመላእታ ዝኸውን ሓበሬታ ዝሓዙ ሰነዳት እውን ኣሰኒኹም ኣቕርቡ።
- ኣብ ሕጊ ምስ ቀረብኩም በየናይ ቋንቋ ክትሰምዑ ከም እትደልዩ ኣብ ጥርዓንኩም ከተቕርቡዎ ይግባእ።
- 

መንነትኩም ብዛዕባ ዘረጋግጹ ሰነዳት፡ ቅዳሕ ጥራይ ኣብ'ቲ ፋይል ብምሕዋስ፡ ኦሪጂናል ፓስፖርትን ታሴራን እንተ ሃልዩኩም ምሳኹም ከተጽንሑዎ ተመራጺ እዩ። ካብ ቤት ፍርዲ ብሪኮማንዳቶ ዝለኣኹልኩም መልእኽትታት ንምቕባል ድማ ክሕግዙኹም እዮም። ኣብ መጋባእያ ምስ ቀረብኩምን ዳያኑ ምስ ጠለቡዎን ድማ ነቲ መበቆላዊ ሰነዳት ከተቕርቡ ትኽእሉ።

ነቶም ንዛንታኹም ዘራጉድ ሓበሬታ ዝሓዘ ሰነዳት፡ ቅዳሕ ኣትሪፍኩም ነቲ ኦሪጂናል ኣብ ፋይልኩም እንተጸንበርኩሞ ተመራጺ እዩ። እዞም ሰነዳት'ዚኣቶም ኣብ እትስምዑሉ መዓልቲ ማመልከቻ እንተ'ቕሪብኩም ክምለሱልኩም ወይ ድሒሮም ብፖስጣ ክለኣኹልኩም ይኽእሉ እዮም። እዞም ሰነዳት ናብ ቋንቋ ፈረንሳ ክትርጎሙ ኣለዎም። ከይተተርጎሙ እንተቕሪቦም ግን፡ ሃገራዊ ቤት ፍርዲ ንመሰል ዑቕባ ክጥቀመሎም ኣይክእልን እዩ። ብዘይካ'ቶም ንሲቪላዊ፡ ሕጋዊ ወይ ናይ ፖሊስ ዓንቀጻት ዝምልከቱ ሰነዳት፡ እቲ ካልእ ጥራይ ብወግዓዊ ተርጓማይ ክትርጎም ግድን ኣይኮነን።

- ጥርዓንኩም ክትፍርሙሉ ኣለኩም። ትሕቲ ዕድመ እንተኾይንኩም ሕጋዊ ወኪልኩም ክፍርሞ ኣለዎ።
- ጥርዓን ከም ዘመልከትኩምን ከም ዝለኣኽኩምን መርትዖ ክትዕቅቡ ኣለኩም። ቅዳሕ ናይ'ቲ ጥርዓን'ውን ኣቐምጡ።
- ዝኾነ ለውጢ ናይ ኣድራሻ ንሃገራዊ ቤት ፍርዲ ንመሰል ዑቕባ ክትሕብሩ ኣለኩም።
- ጥርዓንኩም ድሕሪ ምምዝጋብኩም፡ ፋይልኩም ክተሓላለፈልኩም ክትሓቱ ትኽእሉ።

ጥርዓንኩም ኣብ ህዝባዊ መጋባእያ እንተተመሪሑ፡ ኣብ'ቲ መጋባእያ ክትቀርቡ ብውልቂ ክትጽውዑ ኢኹም።
ኣብ ከም'ዚ ዓይነት ኩነታት፡ ኣብ መጻዋዕታኹም ኣብ ዝሕበረኩም ውሱን ጊዜ፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ብጽሑፍ ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም። ጥርዓንኩም ነቲ ኦፍፕራ ዝወሰዶ ውሳኔ ኣብ ሕቶ ዘእቱ ዕቱብ ነጥቢ እንተዘይብሉ፡ ሃገራዊ ቤት ፍርዲ ንመሰል ዑቕባ ንፋይልኩም ብልኡኹ መርሚሩ ጥርዓንኩም ክነጽግን ኣብ መጋባእያ ከይዓደመኩም ብይን ክሕልፍን ይኽእል እዩ።

## ■ መረጋገጺ ህላዌ ጥርዓን

ጥርዓንኩም ምስ ኣቕረብኩም፡ ሃገራዊ ቤት ፍርዲ ንመሰል ዑቕባ ኣብ'ቲ ዝሓበርኩሞ ኣድራሻ « accusé de réception d'un recours » ዝተባህለ ጥርዓን ከም ዘቕረብኩም ዘረጋግጽ ሰነድ ክልእከልኩም እዩ። እዚ ሰነድ'ዚ ጥርዓንኩም ከም ዝተመዝገበ ይምስክር። ሃገራዊ ቤት ፍርዲ ንመሰል ዑቕባ ንሕቶኹም ክሳብ ዝምልስ ኣብ መሬት ፈረንሳ ክትጸንሑ ተፈቒዱልኩም ስለ ዘሎ፡ ወረቐት ምስክርነት ሕቶ ዑቕባኹም ከተሐድሱ የብቅዓኩም።

## ■ ሓገዝ ጠበቓ

**ኣብ መጋባእያ ናይ ሴኤንዴኣ ብጠበቓ ክትሕገዙ መሰል ኣለኩም።**
ኣብ ሕጋዊ መዳይ ሓገዝ ክግበረልኩም ክትሓቱ መሰል ኣለኩም። መንግስቲ ንኹሉ ወጻኢታትኩ ናይ ጠበቓ ስለዝሸፍነልኩም፡ እቲ ጠበቓ ካባኹም ዝጽበዩ ክፍሊት የብሉን። ነዚ ሓገዝ ንምርካብ፡ ኦፍፕራ ናይ ምንጻግ ውሳኔኡ ካብ ዘፍለጠኩም ዕለት ኣትሒዙ ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ ሓሙሽተ መዓልታት ኣብ ሴኤንዴኣ ኣብ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ሓገዝ ንሕጋዊ ጉዳያት ቀሪብኩም ጥርዓን ንምቕራብ ሓገዝ ክግበረልኩም ተመልከቱ፡ እንተደንጐየ ኣብ ጥርዓንኩም ሕጋዊ ሓገዝ ከም ዘድልየኩም ክትሕብሩ ትኽእሉ ኢኹም።

እዚ ኣብ ሕጋዊ መዳይ ሓገዝ ዝገብር ቤት ጽሕፈት ናይ ሴኤንዴኣ ኣብ'ዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ይርከብ

Cour nationale du droit d'asile
35, rue Cuvier
93 558 MONTREUIL-SOUS-BOIS

ኣብ'ቲ ሕጋዊ ሓገዝ ንምግባር ዝካየድ ውድድር ክሳተፍ ናይ ዝደሊ ጠበቓ ስም ከተቕርቡ ወይ ሴኤንዴኣ ባዕሉ ክምድበልኩም ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ሕጋዊ ሓገዝ እንተተፈቒዱልኩም፡ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ኩነት፡ ዋላ እቲ ጠበቓ ክፈሉኒ እንተበለኩም፡ ክትከፍሉ ኣይግባእን።

ሕጋዊ ሓገዝ ንምርካብ እተቕርቡዎ ሕቶ ክንጸግ ዝኽእል፡ ጥርዓንኩም ፍጹም ተቐባልነት ዘይህልዎ ምስ ዝመስል ጥራይ እዩ።

## ■ መጋባእያ ሴኤንዴኣ

ሴኤንዴኣ ጥርዓንኩም ንምምርማር ኣብ መጋባእያ ክዕድመኩም እዩ። ጥርዓንኩም ብፈጣን መስርሕ ዝርአ እንተኾይኑ፡ ካብ'ቲ ዝስምዓሉ ዕለት ቅድሚ ዓሰርተ ሓሙሽተ መዓልታት ክትጽውዑ ኢኹም። እንተዘየሎ ግን ብውሑዱ ወርሒ ቅድሚ ቆጸራ ናይ መጸዋዕታ ደብዳበ ክስደደልኩም እዩ። እቲ መጋባእያ ኣብ ሞንትረይ ኣብ ዝርከብ ስፍራ ሴኤንዴኣ ፡ ኣብ ምምሕዳራት ስግር ባሕሪ ኣቕሪብኩሞ እንተኾይንኩም ድማ ብኣውድዮ ቪዝዋል ክካየድ እዩ። እዚ ሓጋጊ ኣካል'ዚ ኣብ ውሳኔ ቅድሚ ምብጽሑ፡ ኣብ ናትኩምን ጠበቓ እንተለኩም ካኣ ኣብ ናይ ጠበቓኹምን መብርሂታት ተመርኲሱ ብዘይ ገለ ጸግዒ ንዝህቦ ትርጉም ናይ'ቲ ውሳኔን ትንታነታትን ክሰምዕ እዩ።

እቲ ቤት ጽሕፈት ብፈጣን መስርሕ እንተተጠቐሙ ወይ ጥርዓንኩም ቅቡል ከምዘይኮነ እንተገሚቱ፡ ሓደ ናይ ሴኤንዴኣ ዳኛ እዩ ንጉዳይኩም ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ ሳምንቲ መልክዑ ዘትሕዞ።
ቤት ፍርዲ ብድልየቱ ኰነ ብጠለብኩም፡ ጉዳይኩም ፈጣን መስርሕ ከም ዘድልዮ፡ ቅቡል ከም ዘይኮነ ወይ ዕቱብ ጸገም ከም ዘለዎ እንተገሚቱ፡ ነዚ ስራሕ ብጉጅለ ክከታተሎ ይኽእል እዩ።
ሴኤንዴኣ ኣብ ጥርዓንኩም ዝጠቐስኩሞ ቋንቋ ዝዛረብ ኣስተርጓማይ፡ እንተዘይተኻኢሉ ድማ፡ ኣብ ኦፍፕራ ዝተጠቐምኩምሉ ቋንቋ ዝኽእል ኣስተርጓማይ ምድላዉ ከረጋግጽ እዩ። ኣብ'ቲ መጋባእያ ክትርከቡ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ዕንቅፋት ወይ ምድንጓይ እንተ ኣጋጢሙኩም ንሴኤንዴኣ ክትሕብሩ ይግባእ። ኣብ'ቲ መጋባእያ ክትርከቡ እንተዘይክኢልኩም፡ ስለምንታይ ክትመጹ ከምዘይክኣልኩም ብጽሑፍ ገሊጽኩም፡ መዓልቲ ከመሓላለፈልኩም ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። ምትሕልላፍ መዓልቲ መሰል ኣይኮነን። እቲ ኣብ ሴኤንዴኣ ዘሎ ፕሬዚደንት ናይ'ታ ጉጅለ ጥራይ እዩ ነቲ ቆጸራ ናብ ካልእ ዕለት ከሰጋግሮ ዝኽእል።
እቲ መጋባእያ ክፉት እዩ። ዕጹው ክኾነልኩም፡ ማለት ጉዳይኩም ህዝቢ ኣብ ዘይሳተፎ መጋባእያ ክስምዓልኩም ንፕሬዚደንት እታ ጉጅለ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ከም'ዚ እዋን፡ ሕቶኹም ብኡ ንብኡ ቅቡል ይኸውን። እቲ ፕሬዚደንት እውን ክውስኖ ይኽእል እዩ።

## ■ ውሳኔ ሴኤንዴኣ

ሴኤንዴኣ ንዝሕለፎ ውሳኔን ትርጉሙን ብራኮማንዳቶ ደብዳበ፡ ብቋንቋ ፈረንሳን ክትርድእዎ ትኽእሉ ኢኹም ተባሂሉ ብዝተገመተ ቋንቋን ክልእከልኩም እዩ።
ሴኤንዴኣ እዚ ዝስዕብ ክገብር ይኽእል :

- ናይ ኦፍፕራ ውሳኔ ሰሪዙ ናይ ስደተኛ መሰል ክኣምነልኩም ወይ ተጠቃሚ ናይ ካልኣዊ ዑቕባ ክገብረኩም ይኽእል። በዚ ድማ ከም'ቲ ኦፍፕራ ኣብ ሓንቲ ካብ'ዘን ክልተ ኣማራጺታት ተቐቢሉኩም ነይሩ እንተዝኸውን እትረኽቡዎ መሰላት ኩሉ ይሕለወልኩም።
- ኦፍፕራ ወሲኑልኩም ንዝነበረ ናይ ካልኣዊ ዑቕባ ተጠቃምነት ሰሪዙ ናይ ስደተኛ መሰል ክኣምነልኩም ይኽእል።
- ንውሳኔ ኦፍፕራ ኣጽዲቑ ጥርዓንኩም ክነጽግ ይኽእል።
- ኣብ ገለ ኩነታት፡ ንውሳኔ ኦፍፕራ ሰሪዙ ጉዳይኩም መሊሱ ክምርምሮ ንኦፍፕራ ክሓትት ይኽእል።

ውሳኔ ሴኤንዴኣ ብይግባይ ናብ ቤት ምኽሪ መንግስቲ ክበጽሕ ይኽእል እዩ። እዚ ዳሕረዋይ ንኹሉ ሕቶኹም ኣይምርምርን እዩ። ገለ ሕጋዊ ጉዳያት ጥራይ እዩ ዝፍትሽ። እዚ መስርሕ ነዊሕ ጊዜን ፍሉይ ክእለት ዘለዎ ጠበቓን ይሓትት። ሕጋዊ ሓገዝ ምሕታት ይከኣል እዩ። እዚ ጥርዓን'ዚ ኣብ ፈረንሳ ንእትጸንሑሉ ጊዜ ከናውሖ ኣይክእልን። ናይ ሃገርኩም ናይ ምስጓግ ተኽእሎ እውን ኣይዓግትን። ነዚ መስርሕ ብዝምልከት ኣብ ማሕበር ወይ ጠበቓ ምኽሪ እንተሓተትኩም ተመራጺ እዩ።

# 3.3. ዘይቅቡልነትን ምዕጻውን ሕቶ ንዑቕባ

## ■ ዘይቅቡል ሕቶ

ኦፍፕራ ንሕቶኹም ዘይቅቡል ኢሉ ዝውስን፡

- ድሮ ኣብ ሓንቲ ኣባል ኤውሮጳዊ ሕብረት ዝኾነት ሃገር ብስም ዑቕባ ተጠቃሚ'ዚ መሰል እንተኾይንኩም

- ኣብ ሓንቲ ሳልሰይቲ ሃገር መሰል ስደተኛ ወይ እኹል ዑቕባ እንተለኩም ወይ ብዘይ ጸገም ክትምለሱ ትኽእሉ እንተኾይንኩም

ነዚ ውሳኔ ኣብ  ሴኤንዴኣ ክትጠርዑሉ ትኽእሉ ኢኹም።

ሕቶኹም ዘይቅቡል ምስ ዝኸውን፡ ኣብ መሬት ፈረንሳ ናይ ምጽናሕ መሰል ተጠቃሚ ክትኮኑ ስለዘይትኽእሉ፡ ዋላ ኣብ ሴኤንዴኣ ጥርዓን ኣቕሪብኩም እንከለኹም ካብ ፈረንሳ ክትወጹ ኣለኩም።

## ■ ምዕጻው መርመራ ሕቶ

### ✓ ዝዕጸወሉ ኩነታት

ኦፍፐራ ሕቶኹም ዝዓጽወሉ ምኽንያታት እዞም ዝስዕቡ እዮም፡

- ኣብ ጊዜ ርክብኩም ወይ ብደብዳበ ሕቶኹም ከምዝሰሓብኩም ገሊጽኩምሉ እንተነይርኩም
- ሕቶኹም ኣብ ውሽጢ እቲ ናይ ዕስራን ሓደን መዓልታት ገደብ እንተዘየእተኹሞ ወይ ኣብ'ቲ ቆጸራ ዘይተረኸብኩም
- ሕቶኹም ንምምርማር ዘድልዩ ኣገደስቲ ሓበሬታታት ክትህቡ ኰነ ኢልኩም እንተኣቢኹም
- ኣብ ግቡእ ጊዜ ኣድራሻኹም ንቤት ጽሕፈት ስኣን ምሕባርኩም ክትርከቡ እንተዘይክኢልኩም

ሕቶኹም እንተተዓጽዩ፡ ኣብ መሬት ፈረንሳ ናይ ምጽናሕ መሰል ተጠቃሚ ስለዘይኰንኩም ግድን ካብ ፈረንሳ ክትወጹ ኣለኩም

### ✓ ዳግማይ ምኽፋት

መርመራ ሕቶኹም እንተተዓጽዩ፡ ዳግማይ ክኽፈተልኩም ካብ`ታ ናይ ምዕጻው ውሳኔ ዝሓለፈትላ ዕለት ኣብ ውሽጢ ትሽዓተ ኣዋርሕ ዘሎ ጊዜ ዳግማይ ክኽፈተልኩም ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

ነዚ ንምትግባር፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ተረኺብኩም ከም ብሓድሽ ክትምዝገቡ ኣለኩም።
ድሕሪ`ዚ ናይ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ምዝገባ፡ ሕቶኹም ዳግማይ ክኽፈተልኩም ኣብ ኦፍፐራ ማመልከቻ ከተቕርቡ ሾሞንተ መዓልቲ ኣለኩም። ኦፍፐራ ፋይልኩም ዳግማይ ከፊቱ ንናይ ዑቕባ መሰል ሕቶኹም ካብ`ቲ ተቛሪጹሉ ዝነበረ መድረኽ ክምርምሮ ክጅምር እዩ።

ኣብ ውሽጢ`ዚ ሕቶኹም ዳግማይ ክኽፈተልኩም እትሓቱሉ ናይ ትሽዓተ ኣዋርሕ ገደብ፡ እንደገና ተጠቃሚ መሰል ምጽናሕ ኣብ`ዚ መሬት ትኾኑ`ሞ መሰል ዑቕባ ከም ዝሓተትኩም ወረቐት ምስክር ትወሃቡ።
እዚ ናይ ትሽዓተ ኣዋርሕ ገደብ ምስ ሓለፈ፡ ናይ ዳግማይ ምኽፋት ሕቶኹም ከም ዳግማይ መርመራ ክሕሰብ እዩ (ኣብ 3.4 ዳግማይ መርመራ ተወከስ)

## 3.4. ዳግማይ መርመራ

ንመሰል ዑቕባ ዘቕረብኩሞ ሕቶ ኣብ ሴኤንዴኣ ድሕሪ ምንጻጉ፡ ወይ ኦፍፐራ ውሳኔኡ ምሰፍለጠኩም ኣብ ውሽጢ'ቲ ናይ ሓደ ወርሒ ገደብ ጥርዓንኩም እንተዘየቕረብኩም፡ ናብ ኦፍፐራ ተመሊስኩም ሕቶኹም እንደገና ክምርመረልኩም ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ግን ሓድሽ መርትዖ ምስ ዝህልወኩም ጥራይ እዩ ተግባራዊ ዝኸውን፡ ማለት እቲ ሓድሽ መርትዖ

- ድሕሪ ውሳኔ ሴኤንዴኣ ዝተፈጸመ ወይ ቀድሚኡ ተፈጺሙ ክነሱ ድሕሪ`ቲ ውሳኔ ዝፈለጥኩሞ እንተኾይኑ

- ንሃገርኩም እንተተመሊስኩም ከጋጥመኩም ብዛዕባ ዝኽእል መከራን ሓደገኛ ስግኣትን ንዘለኩም ውልቃዊ ፍርሒ ዘመኽኒ እንተኾይኑ

ኣብ ሓንቲ ማሕበር ወይ ጠበቓ ምኽሪ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም
ኣብ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ቀሪብኩም ሕቶኹም ከተምዝግቡ ኣለኩም
ካብ`ዚ ሓድሽ ምዝገባ ናይ ዳግማይ መርመራ ሕቶኹም ኣብ ኦፍፐራ ከተቕርቡ ሾሞንተ መዓልታት ኣለኩም። ሕቶኹም ሙሉእ እንተዘይኩይኑ፡ እቲ ቤት ጽሕፈት መሊእኩም ክትመልሱዎ ኣርባዕተ መዓልታት ክህበኩም እዩ።

ቀጺሉ ኦፍፐራ ንሕቶኹም ፈታሺ መርመራ ገይሩ፡ ካብ`ታ ዝተቐበለላ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሾሞንተ መዓልታት ንተቐባልነቱ ዝምልከት ውሳኔ ክህብ እዩ። ኣብ መስርሕ ናይ`ዚ መርመራ ክትጽውዑ ግድን ኣይኰነን።
ኣብ መወዳእታ ናይ`ዚ መርመራ፡ ኣቕሪብኩሞ ዘለኹም መርትዖታት መስል ዑቕባ ንምርካብ ብዙሕ ዘይሕግዙ እንተኾይኖም፡ ጉዳይኩም ዳግማይ ክምርመርልኩም ዘቕረብኩሞ ሕቶ ዘይቅቡል እዩ ክብል ይኽእል።
ኦፍፐራ ንሕቶኹም ቅቡል እዩ እንተኢሉዎ ግን፡ ኣንጻር ኾነታት እንተዘየጋጢሙ፡ ብፈጣን መስርሕ ክርአ እዩ።

---

ኣብ ፋልማይ ሕቶ ንዳግማይ መርመራ፡ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ዕላማ ናይ`ዚ ሕቶ ናይ ምስጓግ ስጉምቲ ንምፍሻል ምንባሩ እንተገሚቱ`ሞ ኦፍፐራ ዘይቅቡል እንተኢሉዎ፡ ካብ`ታ ኦፍፐራ ውሳኔ ዝወሰደትላ ዕለት ጀሚሩ፡ ኣብ`ዚ መሬት ናይ ምጽናሕ መሰል ተጠቃምነት የብልኩምን።
ናይ ዳግማይ መርመራ ሕቶኹም ንካልኣይ ጊዜኡ እንተኾይኑ፡ ነዚ መሰል ክትዕቅቡ ኣይትኽእሉን።
ብኽልቲኡ ኾነታት፡ መሰል ዑቕባ ከም ዝሓተትኩም ወረቐት ምስክር ክትክልከሉ ወይ ምሕዳስ ክትስእኑ፡ ከምኡ እውን ዋላ ኣብ ሴኤንዴኣ ጥርዓን እንተቕረብኩም ግዳይ ናይ ምስጓግ ስጉምቲ ክትኰኑ ትኽእሉ ኢኹም።

---

# 4. ጉዕዞ ሓታቲ ዑቕባ

## 4.1. ምስናይ ሓታት ዑቕባ

### ■ ቀዳማይ ኣቀባብላን መምርሒን

ኣብ ኦፍፕራ መሰል ዑቕባ ንምምልካት፡ ፈለማ መሰል ዑቕባ ዝሓትት ማመልከቻ ኣብ ፍሉይ መቐበሊ ከተቕርቡ ኣለኩም።
ኣብ'ቲ ፍሉይ መቐበሊ፡ ንዓኹም ክቕበሉ ዝተኣከቡ ኣባላት ምምሕዳርን ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽንን ኢንተግሬሽንን ፈረንሳ ክጸንሑኹም እዮም።
ኣብ ሙሉእ ሜትሮፖሊታን መሬት ሰላሳን ኣርባዕተን ፍሉይ መቐበሊታት ይርከቡ (ዝርዝሩ ኣብ መውጽኢ ክትረኽቡዎ ኢኹም)
ሕቶ መሰል ዑቕባ ንምምዝጋብ ግድን ኣድራሻ ክህልወኩም የብሉን (ናይ ፖስጣ ኣድራሻ)
ኣብ`ቲ ፍሉይ መቐበሊ ቅድሚ ምኻድኩም፡ ቅድመ-ምቕባል ኣብ ዝተባህለት ኣብ ጉዕዞኹም ክትሕግዘኩም ሓላፍነት ዘለዋ ማሕበር ክትቀርቡ ኣለኩም። እቲ ኣድራሻ ኣብ`ቲ እትቐርቡሉ ፍሉይ መቐበሊ ክትረኽቡዎ ትኽእሉ ኢኹም።

### ✓ ናይ ቅድመ-ምቕባል ሓላፍነት ዘለወን ማሕበራት

ዕማም ናይ`ዘን ናይ ቅድመ-ምቕባል ሓላፍነት ዘለወን ማሕበራት ከም`ዚ ዝስዕብ እዩ፡

- መንነትኩምን ኣቃውማ ስድራቤትኩምን ዝሕብር መዝገብ ሕቶ ንመሰል ዑቕባ ኣብ ኤለክትሮኒካዊ ፎርም ምምላእ
- ምስ ፍሉይ መቐበሊ ቆጸራ ብምውሳድ፡ ኣብ ፍሉይ መቐበሊ ናይ ግድን እትቐርቡሉ ቦታ፡ ዕለትን ስዓትን ዝሕብረኩም ጸውዒት ምሃብ። እቲ ቆጸራ ካብ`ታ ኣብ ማሕበር ዘመልከትኩምላ መዓልቲ፡  እንተደንጎየ ሰለስተ መዓልታት፡ ሰብ ኣዝዩ እንተበዚሑ ድማ ክሳብ ዓሰርተ መዓልታት ክወስድ ይኽእል።
- ኣብ ፍሉይ መቐበሊ ዘድልያኹም ናይ መንነት ስእልታት ምውሳድ

ፋይልኩም ብረቂቕ መስመር እዩ ናብ ፍሉይ መቐበሊ ዝመሓላለፍ።

<u>ተጠንቀቑ</u> : ኣብ ጻውዒትኩም ሰፊሩ ዘሎ ናይ ቆጸራ ዕለትን ስዓትን ብጥብቂ ከትኽብሩዎ ኣለኩም። እንተደንጉኹም ክትኣትዉ ኣይትኽእሉን ኢኹም። ከም ብሓድሽ ኣብ ቅድመ-ምቕባል ማሕበር ከይድኩም ሓድሽ ቆጸራ ክትሓቱ ኣለኩም።

### ✓ ተራ ናይ ፍሉይ መቐበሊ

ኣብ ፍሉይ መቐበሊ፡ ሕቶ መሰል ዑቕባ ንምምዝጋብ ሰለስተ መድረኻት ኣሎ፥
**ኣብ ቀዳማይ መድረኽ፡** ወኪል ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ነቲ ብናይ ቅድመ-ምቕባል ትካል ዝተመሓላለፈ እኩብ ሓበሬታ ይግምግም። እዚ ወኪል ናይ ዓሰርተ ጻብዕትኹም ኣሰር ወሲዱ፡ ንናይ ዑቕባ መሰል ሕቶኹም ኣብ ምምርማር ሓላፍነት እትስከም ሃገር ንምልላይ ምእንቲ ክሕግዞ፡ ካብ ዓድኹም ብዛዕባ ዝተኸተልኩሞ ጉዕዞ ውልቃዊ ዝርርብ የካይድ (ንናይ ዑቕባ መሰል ሕቶኹም ኣብ ምምርማር ሓላፍነት እትስከም ሃገር ምልላይ ኣብ 2.1 ተመልከት)።
ኣብ መወዳእታ ናይ`ዚ ቀዳማይ መድረኽ፡ መሰል ዑቕባ ንምርካብ ዘመልከትኩሞ ሕቶ በየናይ መስርሕ ከምዝምርመር ክትንገሩ ኢኹም።
መሰል ዑቕባ ናይ ምሕታትኩም ሓላፍነት እትስከም ካልእ ሃገር እንተኾይና፡ « ዳብሊን III » ዝተባህለ መስርሕ ይትግበር (ንናይ ዑቕባ መሰል ሕቶኹም ኣብ ምምርማር ሓላፍነት እትስከም ሃገር ምልላይ ኣብ 2.1 ተመልከት)።
መሰል ዑቕባ ናይ ምሕታትኩም ሓላፍነት እትስከም ፈረንሳ እንተኾይና፡ ኦፍፕራ ብንቡር መስርሕ ወይ ብፈጣን መስርሕ ክምርምር ብቕዓት ኣሎዎ። ኣብ ፈጣን መስርሕ፡ ኦፍፕራ ንመርመራ ዝወስዶ ጊዜ ከም ግቡኡ ዓሰርተ ሓሙሽተ መዓልታት እኳ እንተኾነ፡ ኣብ ክልቲኡ መስርሕ ውሕስነቱ ሓደ እዩ።

**ሕቶኹም ብቐጥታ ካብ ፍሉይ መቐበሊ ኣትሒዙ ናብ ፈጣን መስርሕ ዝሰግር ኣብ`ዞም ዝስዕቡ ክልተ ኩነታት እዩ፡-**

- ከም ርጉጽ መበቆላዊ ሃገር ናይ ዝቕጻር መሬት ዜግነት እንተለኩም (ዝርዝር ኣስማት ናይ`ዘን ሃገራት ኣብ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ወይ ኣብ ናይ ኦፍፕራ ናይ ኢንተርነት ገጽ ተመልከት)

- ድሮ ዝተነጽገ ቀዳማይ ሕቶ ንመሰል ዑቕባ ሃልዩኩም፡ ዳግማይ መርመራ ትሓቱ እንተሃሊኹም።

**ሕቶኹም ካብ ፍሉይ መቐበሊ ኣትሒዙ ናብ ፈጣን መስርሕ ክሰራዕ ዝኽእለሉ ኩነታት፡-**

- ኣሰር ኣጻብዕትኹም ምሃብ እንተ ኣቢኹም
- ናይ ሓሶት ሰነዳት ብምቕራብ ወይ ሓበሬታ ብምሕባእ፡ ንሰበ-ስልጣን ከተደናግሩ እንተፈቲንኩም
- ዝተፈለለየ መንነት ተጠቒምኩም፡ ብዙሕ ማመልከቻታት እንተ`ቕሪብኩም
- ኣብ ፈረንሳ ምስ ኣቶኹም፡ መሰል ዑቕባ ምሕታት እንተደንጕኹም (ልዕሊ 120 መዓልታት)
- መሰል ዑቕባ መሕተቲኹም ካብ ፈረንሳ ናይ ምስጓግኩም ስጉምቲ ንምፍሻል እንተኾይኑ
- ህላዌኹም ንጸጥታ ህዝብን መንግስትን ቀጻሊ ስግኣት ዝፈጥር እንተኾይኑ

ኣብ መወዳእታ ምዝገባ፡ ንሓደ ወርሒ ዘገልግል ወረቐት ምስክር ሕቶ መሰል ዑቕባ ክወሃበኩም እዩ። ኣብ ውሽጢ`ዚ ገደብ`ዚ ናይ መሰል ዑቕባ መሕተት መሊእኩም ኣብ ኦፍፕራ ከተቕርቡ ኣለኩም
(3.1 ተመልከት)።

**ኣብ ካልኣይ መድረኽ** ሓደ ወኪል ኦፊ ብመንገዲ ሕቶን መልሲን ንውልቃዊ ኩነታትኩም ይግምግም (ምስናይ ሓታት ዑቕባ ኣብ 4.1 ተመልከት)። እዚ ገምጋም ነቲ ኣብ ኦፍፕራ ዝቐርብ ምኽንያታት መሰል ዑቕባ መሕተቲኹም ክትንክፍ ኣይክእልን።

ጌና መዕረፊ እንተዘይረኺብኩም እሞ ክርከበልኩም ሓቲትኩም፡ እዚ ወኪል መዕረፊ ደልዩ ሓበሬታ ይህበኩም (መዕረፊ ሓታት ዑቕባ ኣብ 4.2 ተመልከት)
ኣብ መወዳእታ ድማ፡ መሰል ክፍሊት ንሓታት ዑቕባ የውህበኩም (ክፍሊት ንሓታት ዑቕባ ኣብ 5.1 ተመልከት)

### ✓ መሰነይታ ድሕሪ ምሕላፍ ፍሉይ መቐበሊ

ብፍሉይ መቐበሊ ድሕሪ ምሕላፍ፡ መቐበሊ ማእከል ንሓታት ዑቕባ (ካዳ) ወይ ህጹጽን ቀዋሚ ዘበሃልን መዕረፊ (ካብ ሆቴል ወጻኢ) እንተኾይኑ፡ ኣብ ማእከል መንበሪኹም ኣሰናዩ ክግበረልኩም እዩ።

ኣብ ከም`ዚ ዓይነት ቦታ እንተዘይሰፈርኩም፡ ኦፊ ኣብ ዝመርሓኩም፡ ፍሉይ ቅርጺ ዘለዎ መሰነይታ ክግበረልኩም እዩ።

እዚ መሰነይታ`ዚ ንመዕረፊን ነቲ ኣብ ኦፍፕራ እተቕርቡዎ ሕቶ ንመሰል ዑቕባ ዝምልከት ፋይል ንምምስራት ዝሕግዝ ሓበሬታ ዘጠቓለለ ክኸውን እዩ።

## ■ ውድዓዊ ኩነታት ኣቀባብላ

መሰል ዑቕባ ንምሕታት ኣብ ፍሉይ መቐበሊ ክትምዝገቡ እንከለኹም፡ ብወገን ኦፊ ሓላፍነት ናይ ምስካም ኣማመ ክቐርበልኩም እዩ። ነዚ እማመ እንተተቐቢልኩሞ፡ ኣብ ሙሉእ መስርሕ ዑቕባኹም ዘገልግለኩም ፍሉይ ውድዓዊ ኩነታት ኣቀባብላ ክትረኽቡ ኢኹም።
ውድዓዊ ኩነታት ኣቀባብላ ነዚ ዝስዕብ የጠቓልል:

- ንዓኹም፡ እንተኸፍአ ድማ ንስድራቤትኩም ዝኸውን መዕረፊ ኣብ መቐበሊ ማእከል ሓተትቲ ዑቕባ (ካዳ) ወይ ማእከል ህጹጽ መንበሪ፡
- መሰል ዑቕባ ዝሓተትኩምሉ ፋይል ግቡእ መስርሕ ምኽታሉን፡ ዝተመደበልኩም ማሕበራዊ መሰላት ምርካብኩምን ንምርግጋጽ ኣብ ማሕበራዊን ምምሕዳራዊን ኣካይዳኹም መሰነይታ፡
- ዓቕኑ ከከም ኣቃውማ ስድራቤትኩም ዝፈላለ ወርሓዊ ክፍሊት (ክፍሊት ንሓተትቲ ዑቕባ - ኣዳ -)

ነዚ ሓላፍነት ናይ ምስካም እማመ እንተነጺግኩሞ፡ ተጠቃሚ ናይ`ዚ ኹሉ ውድዓዊ ኩነታት ኣቀባብላ ኣይትኾኑን።

እዚ ሓላፍነት ምስ ኩነታት ሓተትቲ ዑቕባ ዝተኣሳሰር እዩ። ስለ`ዚ ንመሰል ዑቕባ ዘቕረብኩሞ ሕቶ ኣብ ናይ መወዳእታ ውሳኔ ምስ በጽሐ፡ ተጠቃምነትኩም የብቅዕ። ንመሰል ዑቕባ ናይ ዘቕረብኩሞ ሕቶ ሓላፍነት ካልእ ሃገር ዝስከሞ እንተኾይኑ፡ ናብ`ታ ሃገር ክሳብ እትሰጋገሩ፡ ተጠቃሚ ውድዓዊ ኩነታት ኣቀባብላ ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም።

## ■ ተነቃፍነት ፍሉይ መቕበሊ ኣብ ግምት ምእታው

ኣብ ፍሉይ መቕበሊ ቀሪብኩም ሕቶ መሰል ዑቕባ ድሕሪ ምምዝጋብኩም፡ ሓደ ወኪል ኦፊ ብውልቁ ተቐቢሉ፡ ናቀባብላኹም ዝምልከት ፍሉይ ጠለባትኩም ይግምግም።
እቲ ርክብ ምስጢራዊ እዩ።

ናይ ፍሉይ ኵነታት ኣቀባብላ ተጠቃሚ ምዃን ዘድልየኩም እንተኾይኑ ንምውሳን፡ ዝርዝር ሕቶታት ክቐርበልኩም እዩ። እቲ ወኪል ኦፊ ኵነታትኩም ገምጊሙ፡ ነዚ ባእታታት ኣብ ግምት ብምእታ ምሳኹም ናብ ዝሰማማዕ መዕረፊ ቦታ ክመርሓኩም እዩ።

ነቲ ሕቶታት ክትምልሱ ወይ ክትነጽጉ ናጽነት ኣለኩም። እንተነጺግኩሞ፡ ምሳኹም ኣብ ዘይሰማማዕ መዕረፊ ብምምራሕኩም ወይ ኵነታትኩም ንኦፍፕራ ብዘይምሕባሩ፡ እቲ ምምሕዳር ሓላፍነት ኣይስከምን።

ኣብ ፈረንሳ ክትመጹ እንከለኹ ናይ ሕክምና ፋይል እንተነይሩኩም፡ ወኪል ኦፊ ንፋይልኩም ብምስጢራዊ መስመር ናብ'ቲ ምስ ኵነታትኩም ዝሰማማዕ ኵነታት ኣቀባብላ ዝውስን ናይ ኦፊ ሓኪም ይልእኮ። ቃንዛ እንተለኩም፡ ክንክን ኣብ እትረኽቡሉ ወይ ህጹጽ ረድኤት ኣብ ዝህብ ዝቐረበ ኀስፒታል ክትምርሑ ኢኹም።

ወኪል ኦፊ ተነቃፊ ኵነታት እንተተዓዚቡልኩም፡ ምሳኹም ብምስምማዕ፡ ንኦፍፕራ ክሕብር ይኽእል። ዕላማ ናይ'ዚ ሓበሬታ'ዚ፡ ኦፍፕራ ኣድላዪ ኰይኑ ኣብ ዝረኸበሉ ኵነታት፡ መሰል ዑቕባ ንምርካብ ዘእተኹሞ ሕቶ ዝእለየሉ ኵነታት ንምትዕርራይ ክጠቕሞ እዩ። ንኣብነት ንስንኩላን ዝቐለለ መሳለጥያ ወይ ንጽሙማን ብምልከት ዝትርጉም ሰብ ምድላው። እቲ ዘድለ ምትዕርራይ ብኦፍፕራ እዩ ዝግምገም።

ኣብ መዕረፊኹም ዝርከቡ ናይ ማሕበራዊ ጉዳይ ሰራሕተኛታት ወይ ኣብ ማሕበራዊን ምምሕዳራዊን ጉዕዞኹም ዘሰንዩኹምን ሓላፍነትኩም ዝተሰከሙ ማሕበራትን ምስ ተነቃፊ ኵነታትኩም ንዝተኣሳሰሩ ጠለባትኩም ኣብ ሙሉእ ጉዕዞ መስርሕ መርመራ ናይ ዑቕባ መሰል ሕቶኹም ኣብ ግምት የእትዉዎ።

## 4.2. መዕረፊ ንሓተትቲ ዑቕባ

### ■ መዕረፊ ቦታታት

ኣብ መሉእ ፈረንሳ፡ ኣብ ካዳ ኰነ ኣብ ናይ ህጹጽ መንበሪ ቅርጺ፡ ንሓተትቲ ዑቕባ ዝተመደቡ ኣስታት ሓምሳ ሽሕ መዕረፊ ቦታታት ኣለዉ። ናይ ህጹጽ መንበሪታት ዝተፈላለዩ ኰይኖም፡ ኣፓርታማታት፡ ሓባራዊ ማእከላት ወይ ናይ ሆቴል መደቀሲታት የጠቓልሉ።

ተጠቀምቲ መዕረፊታት ንምዃን ንመሰል ዑቕባ ከም ዝሓተትኩም ምስክር ወረቐት የድሊ። ሕቶኦም ብካልእ ኣባል ሃገር ኤውሮጳዊ ሕብረት ዝርአ ሓተትቲ ዑቕባ ኣብ ካዳ መዕረፊ ክረኽቡ ኣይክእሉን።
ኣብ ካዳ ወይ ኣብ ህጹጽ መንበሪ፡ ገለ ክፍልታት (ክሽነ፡ ባኞ፡ ሽቓቕ፡ ወዘተረፈ) ብሓባር ክትጥቀሙሎም ትኽእሉ ኢኹም።

ኣብ ካዳን ገለ ክፋላት ናይ ህጹጽ መንበሪን፡ ተጠቀምቲ ምምሕዳራዊ ምክትታልን (መሰነይታ ናይ መስርሕ ሕቶ ንመሰል ዑቕባ) ማሕበራዊ ምክትታልን (መሰል ሕክምና፡ ትምህርቲ ንቆልዑ፡ ወዘተረፈ) ክትኰኑ ኢኹም። እዚ መደብ ብመንግስቲ ዝምወልን ዝወሃሃድን እዩ። መብዝሕትኡ እዋናት መዕረፊ ቦታታት ብማሕበራት እዮም ዝመሓደሩ።

### ■ ምርሒት ናብ መዕረፊ

ኣብ'ቲ መሰል ዑቕባ ንምሕታት ዝተመዝገብኩምሉ ፍሉይ መቕበሊ ዝርከብ ኦፊ፡ ብዛዕባ እቲ መዕረፊ እውን ዘጠቓልል ውድዓዊ ኵነታት ኣቀባብላ ክሕብረኩም እዩ። ነዚ ሓላፍነት ናይ ምቕባል እማመ እንተነጺግኩሞ፡ ተጠቃሚ ናይ'ቲ ንሓተትቲ ዑቕባ ዝወሃብ ክፍሊት (ኣዳ) ክትኰኑ ኣይትኽእሉን።

**ነዚ ሓላፍነት ናይ ምቕባል እማመ እንተተቐቢልኩሞ፡ ኦፊ ከከም ኹነታት መዕረፊ ቦታታት፡ ኣብ ካዳ ወይ ኣብ ናይ ህጹጽ መንበሪ ክመርሓኩም እዩ።**
ቦታ እንተተሳኢኑ ድማ፡ ኦፊ ንግዚኡ ኣብ ሆቴል መዕረፊ ናብ ዝረኽቡ ማሕበራት ክመርሓኩም እዩ።
ኦፊ ንናይ መዕረፊ ቦታ ሕቶኹም፡ ኣብ ነብስ ወከፍ ዞባ፡ ኣውራጃ ወይ ኣብ ሙሉእ መሬት ፈረንሳ ክርከብ ዝኽእል ቦታታት ኣብ ግምት ብምእታው ክምርምሮ እዩ።
**ካብ`ቲ መሰል ዑቕባ ዝሓተትኩምሉ ዞባ ወይ ኣውራጃ ወጻኢ ኣብ ዝርከብ መዕረፊ ክምደበልኩም ይኽእል እዩ።** ነዚ ተኽእሎ እንተነጺግኩም፡ ኣብ ኣዳ ክትውከሱ ይኹን ንሓተትቲ ዑቕባ ኣብ ዝወሃብ መዕረፊታት ካልእ ዕድል ክትወሃቡ ኣይትኽእሉን።

ዝኾነ መዕረፊ እንተዘይተረኺቡልኩም፡ ካብ ዝኾነ ህዝባዊ ቴሌፎን ናብ **115 ናጻ ቍጽሪ ቴሌፎን** መዓልታዊ ደውሉ።
ስምኩምን ዘለኹሞ ቦታን እንተሓቢርኩም፡ ንሸዓ ለይቲ ናይ ህጹጽ ኣቀባብላ ማእከል ሓላፍነት ወሲዱ መሕደሪ ይህበኩም። ሙብዛሕትኡ ጊዜ እዚ ቍጽሪ ትሑዝ እዩ። ክይተሓለልኩም ደውሉ።
እንተኾነ፡ ኦፊ ንዘቕረበልኩም መዕረፊታት እንተነጺግኩሞ፡ ቍ 115 ኣብ ጊዜ ፍሉይ ጥዕናዊ፡ ኣእምሮኣዊ ወይ ማሕበራዊ ጸገም ጥራይ እዩ ዝቕበለኩም።

## ■ ምልቃቕ ካብ መዕረፊ ቦታ

ንሓተትቲ ዑቕባ ኣብ ዝተመደበ መዕረፊ ቦታ እንተኣቲኹም፡ ኣብ ሙሉእ መስርሕ ዑቕባኹም፡ እንተላይ ምስላጥ ኣብዩኩም ጥርዓን ናብ ሴኤንዴኣ ኣብ እተቕርቡሉ እዋን ክትጸንሑ ትኽእሉ ኢኹም።

ኦፍፕራ ወይ ሴኤንዴኣ ኣወንታዊ ውሳኔ እንተሒሊፎም፡ ሓንሳእ ጥራሕ ከተሐድሱዋ ዝፍቀደልኩም ናይ ሰለስተ ኣዋርሕ ገደብ ጊዜ ምሰሕለፍኩም፡ ካብ`ቲ ማእከል ክትለቁ ኣለኩም። እቲ ውሳኔ ኣሉታዊ እንተኾይኑ፡ ነቲ ማእከል ናይ ግድን ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ክትገድፉዎ ኣለኩም።

ካብ`ዚ ገደባት`ዚ ወጻኢ ኣብ`ዚ መንበሪ እንተጸኒሕኩም፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ክትለቁ ክገድደኩም ይኽእል። ሽዑ`ውን ጌና ምልቃቕ እንተኣቢኹም፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ንኣኽባር ሕጊ ዳኛ ብምሕባር ነቲ ቦታ ክትገድፉዎ ክኣዝዝ ይኽእል።

ናይ ኦፍፕራ ወይ ናይ ሴኤንዴኣ ናይ መወዳእታ ውሳኔ ኣሉታዊ እንተኾይኑ፡ ናይ ወለንታዊ ምምላስ ሓገዝ ተጠቃሚ ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም (ሓገዝ ዘሰነዮ ምምላስ ናብ መበቆላዊት ሃገር ኣብ 3.5 ተመልከት)።

# 5. መሰላት ሓተትቲ ዑቕባ

## 5.1. ክፍሊት ንሓተትቲ ዑቕባ (ኣዳ)

ክፍሊት ንሓተትቲ ዑቕባ (ኣዳ) ምስ ጽገና ሕጊ ዑቕባ ብ29 ሓምለ 2015 ዝጸደቐ ሕጊ እዩ። ካብ 1 መስከረም 2015 ጀሚሩ ድማ ነቲ ኣታ ተባሂሉ ዝፍለጥ ግዚያዊ ናይ መጻንሒ ክፍሊትን፡ ብኣኤምኤስ ዝፍለጥ ወርሓዊ መንበሪ ክፍሊትን ተኪኡዎም።

እዚ ክፍሊት ነቶም ኣብ መስርሕ ምስላጥ መሰል ዑቕባ ዝርከቡ ወይ ክሳብ ናብ ካልእ ብናይ ዑቕባ ሕቶኦም ሓላፍነት ዝወስድ መንግስቲ ዝሰግሩ ዝጸንሑሉ እዋን ዝወሃብ እዩ። ብተወሳኺ ግዚያዊ ዑቕባ ንዝረኸቡ ወጻእተኛታትን ብመሰረት ዓንቀጽ ለ316-1 ናይ ሴሴዳ (ግዳያት መሸጣ ወይ ኣቀባብላ)፡ ግዚያዊ መዕቆቢ ንዝተፈቕደሎም ሰባትን ይኽፈል።

### ■ ንክፍሊት ዘብቕዑ ኲነታት

ተጠቃሚ ክፍሊት ሓተትቲ ዑቕባ ንምዃን፡ እዚ ዝስዕብ ኲነት የድሊ፦

1- ወረቐት ምስክር መሕተቲ መሰል ዑቕባ ወይ መንበሪ ፍቓድ ዘለዎ
- ሀ) ኣብ ፈረንሳ መሰል ዑቕባ ዘመልከተ ሓታት ዑቕባ (ዓንቀጽ ለ 741-1 ናይ ሴሴዴኣ)
- ለ) ብመስርሕ « ዳብሊን III » ዘመልከተ ሓታት ዑቕባ (ዓንቀጽ ለ 742-1 ናይ ሴሴዴኣ)
- ሐ) ተጠቃሚ ግዚያዊ ዑቕባ (ዓንቀጽ ለ 743-1 ናይ ሴሴዴኣ)
- መ) ግዳይ መሸጣ ሰባት ወይ ኣቀባብላ ዝኾነ ወጻእተኛ (ዓንቀጽ ለ 316-1 ናይ ሴሴዴኣ)

2- 18 ዓመት ዝመልአ

3- ሓታት ዑቕባ እንተኹይንኩም ብኦፊ ዝተኣመመልኩም ወድዓዊ ኲነታት ኣቀባብላ ዝተቐበልኩም

### ■ ኣቀራርባ ሕቶ

ሓታት ዑቕባ እንተኾይንኩም፡ ኣብ ፍሉይ መቐበሊ ንመሰል ዑቕባ ድሕሪ ምምልካትኩምን ብኦፊ ንዝተቐረበልኩም ሓላፍነት ናይ ምስካም እማመ ድሕሪ ምቕባልኩምን፡ ንሓተትቲ ዑቕባ ዝወሃብ ክፍሊት ክትረኽቡ መሰል ኣሎኩም።

እቲ ክፍሊት፡ መሰል ዑቕባ ኣብ ኦፍፕራ ድሕሪ ምሕታትኩም፡ ካብ'ታ ዑቕባ ንምሕታት ዝተመዝገብኩምላ ዕለት እንተነውሐ፡ ኣብ ውሽጢ ናይ ዕስራን ሓደን መዓልታት ገደብ ጊዜ ጥራይ እዩ ክጅምር ዝኽእል።
ኣብ ቀኣድርታት 1-ሲን -ዲ ተገሊጾም ኣብ ዘለዉ ዓይነታት ትስርዑ እንተኾይንኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ናይ ኦፊ መሬታዊ መምርሒ፡ ኣብ'ቲ እትነብሩሉ ከባቢ እዩ ክምስራሕ (ዝርዝር መሬታዊ መምርሒታት ናይ ኦፊ ኣብ መውጽኢ ተመልከት)።

መሕተቲ ፎርም ካብኡ ክትወስዱ ትኽእሉ ኢኹም። ምስ ተመልአ፡ ንኮነታትኩም፡ ኮነታት መንበሪኹም፡ ኣቃውማ ስድራቤትኩምን ምንጭታትኩምን ዝምልከት መርትዖታት ተሰንዩ ናብ ኦፊ ይምለስ።

## ■ ዓቕን ክፍሊት

ንሓታት ዑቕባ ዝኽፈል ገንዘብ ክትወሃቡ፡ ወርሓዊ ገንዘባዊ እቶትኩም ካብ'ቲ ናይ ድልዱል ምሕዝነታዊ እቶት (ኤርኤስኣ) ዝትሕት ምኻኑ ጭብጢ ከተቕርቡ ኣለኩም።

ዓቕን ናይ ክፍሊትኩም ብመሰረት ሓደ ንኣቃውማ ስድራቤትኩም፡ ምንጭታት እቶትኩምን እትነብሩሉ መዕረፊ ኣገባብን ዝውሰን እዩ።

## ■ ኣከፋፍላ

ክፍሊት ንሓተትቲ ዑቕባ ንመሰል ዑቕባ ዘቕረብኩሞ ሕቶ ናይ መወዳእታ ውሳኔ ክሳብ ዝረክብ ክቕጽል እዩ። እዚ ማለት፡ ኦፍፕራ ውሳኔ ምስ ሃበ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ጥርዓን እንተዘይቀሪቡ (ናይ ሴኤንዴኣ ዓንቀጽ ለ 731 -2)፡ ወይ ድማ ጥርዓን እንተቐሪቡ ሴኤንዴኣ ውሳኒ ድሕሪ ምሃቡ ማለት እዩ።

እቲ ክፍሊት፡ ንመሰል ዑቕባ ዝምልከት ሕቶ ናይ መወዳእታ ውሳኔ ምስ ተዋህበ፡ ድሕሪ ሓደ ወርሒ፡ ወይ እቲ ኣብ መስርሕ ዝጸንሐ ሓታት ዑቕባ ብመሰረት መስርሐ « ዳብሊን III » ካብ ዝተሰጋገረሉ (ወይ ዝሃደመሉ) ዕለት የቋርጽ።

ኣብ ትሕቲ ግዚያዊ ዑቕባ እንተጸኒሕኩም፡ እቲ ክፍሊት ኣብ እዋን ዑቕባኹም ይወሃበኩም።

ግዳይ መሸጣ ደቂ ሰብ ወይ ኣቀባብላ ወጻእተኛ እንተ'ኾይንኩም (ዓንቀጽ ለ 316-1 ናይ ኣቕዲሙ ዝተጠቕሰ ሕጊ)፡ ካብ'ታ ሕቶኹም ዘቕረብኩምላ ዕለት ንዓሰርተ ክልተ ኣዋርሕ ክፍሊት ይወሃበኩም። እዚ ገደብ ናይ መንበሪ መሰልኩም ክሳብ ዝሰርሓሉ እዋን ክሕደስ ይኽእል እዩ።

ንክፍሊትኩም ብዝምልከት :

- ብዘይ ሕጋዊ ምኽንያት መዕረፊ ቦታኹም ጠንጢንኩም እንተኺይድኩም፡ ኣብ ቅድሚ ሰበ-ስልጣን ናይ ምቕራብ ግዴታኹም እንተዘየኽቢርኩም፡ ዝተሓተትኩሞ ሓበሬታ እንተዘይመሊስኩም ወይ እውን ንመስርሕ ዑቕባ ኣብ ዝምልከት ውልቃዊ ቃለ-መጠይቕኩም እንተዘይተረኺብኩም፡ ክፍሊትኩም ይድስክል።
- ገንዘባዊ እቶትኩም እንተሓቢእኩም፡ ንስድራቤትኩም ዝምልከት ናይ ሓሶት ሓበሬታ እንተሂብኩም፡ ወይ ኣብ መዕረፊ ቦታኹም ጐነጻዊ ኣካይዳ እንተኣርኢኹምን ሕግታቱ ጥሒስኩምን፡ ክፍሊትኩም ይሰሓብ።
- ብዘይ ሕጋዊ ምኽንያት ንመሰል ዑቕባ ዘቕረብኩሞ ሕቶ ዳግማይ ክምርመር እንተሓቲትኩም፡ ወይ ሓገዝ ክግበረልኩም ኣብ ምሕታት ኣዚኹም እንተደንጒኹም፡ ክፍሊት ትኽልኡ።

## ■ ጥርዓን

ኣብ ኮነታትኩም ንመሰል መንበሪኹም፡ ንኮነታት ስድራቤትኩም፡ ንምንጭታትኩም ይኹን ንስራሕኩም ዝምልከት ዝኾነ ለውጢ እንተተራእዩ፡ ናይ ግድን ኣብ ኦፊ ከተመልክቱ ኣለኩም።

ኣብ ኣዳ ብወገን ኦፊ ምስ ዝተወስደ ስጉምቲ ዝተኣሳሰር ጉዳይ እንተለኩም፡ ኣብ ኦፊ ግቡእ ጥርዓን ከተቕርቡ መሰል ኣለኩም። ምምሕዳራዊ ቤት ፍርዲ ኣብ ጊዜ ኣከራኻሪ ጥርዓን ጥራይ እዩ ብቕዓቱ ዘረጋግጽ።

## 5.2. ናይ ትምህርቲ ዕድል

ዑቕባ ዝሓቱ ስድራቤታት፡ ማዕረ ደቂ ሃገር ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ክሳተፉ ዕድል ኣለዎም።

ብመሰረት ሕጊ ትምህርቲ (ዓንቀጽ ለ 111 -2) « ኩሉ ቆልዓ፡ ስድራቤታዊ ግቡኡ እናፈጸመ ክመሃር ዘኽእሎ ናይ ትምህርቲ ዕድል ክረክብ መሰል ኣለዎ »።

« ካብ 6 ክሳብ 16 ዓመት ዝዕድመኦም ኣወዳት ይኹኑ ኣዋልድ፡ ፈረንሳውያን ይኹኑ ወጻእተኛታት፡ ናይ ምምሃር ግዴታ ኣለዎም » ዝብል ሕጊ ከም ዘሎ ነዘኻኽር (ዓንቀጽ ለ 131 -1 ናይ ኣቐዲሙ ዝተጠቐሰ ሕጊ)

ምዝገባ መባእታዊ ትምህርቲ ኣብ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ከተማ እዩ ዝፍጸም። ኣብኡ፡ እቲ ቆልዓ ውላድኩም ምዃኑ፡ ዂነታት መዕረፊኹምን ሙሉእ ክታበት ምውሳዱን ዘረጋግጹ ሰነዳት ሒዝኩም ኢኹም ትቐርቡ።

ምዝገባ ማእከላይ ወይ ካልኣይ ደረጃታት ትምህርቲ ብቐጥታ ኣብ'ቲ ንመንበሪ ቦታኹም ዝቐረበ ቤት ትምህርቲ ይካየድ።

እቲ ኣብ ምምሕዳራዊን ማሕበራዊን ጉዳያት ከሰንየኩም ሓላፍነት ዝወሰደ ቅርጺ፡ ኣብ መንበሪ ቦታኹም ዘሎ ይኹን ኣብ ትሕቲ ዋዕላ ኣፊ ዝቐመ ማሕበር ነዚ ምዝገባ ኣብ ምስላጥ ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ።

## 5.3. መሰል ንክንክን ጥዕና

### ■ ህጹጽ ረድኤት

ኣድማሳዊ ሓገዝ ንሕክምና (ሴኤምዩ) ዘፍቅዶ ንሓተትቲ ዑቕባ ዝወሃብ ማሕበራዊ ረድኤት ክሳብ ትረኽቡ፡ ኣብ ሆስፒታላት ኣብ ዝርከብ ናይ ቀዋሚ ክንክን ጥዕና (ፓስ) ተጠቀምቲ ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብኡ ሓላፍነትኩም ዝስከሙ ሓካይም ክህልዉ እዮም። መድሃኒት ብጥርሑ ክትወሃቡ ኢኹም። ብኻልእ ወገን፡ ገለ ማሕበራት ንክንክን ኣስናን፡ ኣዒንቲን ኣእምሮን ብዘይ ገለ ማሕበራዊ ውሕስነት ኣገልግሎት እትረኽቡሉ መሰል ክውህባ ይኽእላ።

ሙብዛሕትኡ ጊዜ ንክንክን ኣደን ቆልዓን (ፔኤምኢ) ዝከታተላን፡ ንቆልዑ ብስሩዕ ዝሕክማን ክታበት ዝህባን ኣገልግሎታት ከከም መንበሪ ቦታኹም ይርከባ እየን። ንደቀንስትየ ብዝምልከት እውን፡ ስድራቤታዊ ትምህርቲ ዝህባን ፐላን ምግባር ዝሕግዛን ማእከላት (ሓበሬታ ብዛዕባ መከላኸሊ ጥንሲን ምክትታል ሕርሲን) ኣለዋ።
ዋላ ኣብ ሴኤምዩ ቅድሚ ምጽንባርኩም ነዚ ኣገልግሎታት ክትረኽቡ መሰል ኣለኩም።

### ■ ኣድማሳዊ ሓገዝ ንሕክምና (ሴኤምዩ)

ከም ሓታት ዑቕባ መጠን፡ ካብ'ታ ዑቕባን መዕረፊ ቦታን ክወሃበኩም ከም ዝሓተትኩም ምስክር ወረቓቕቲ ኣሰኒኹም ኣብ ፍሉይ መቐበሊ ዝተመዝገብኩምላ ዕለት ጀሚርኩም፡ መሰረታዊን መመላእታዊን ኣገልግሉት ናይ ኣድማሳዊ ሓገዝ ንሕክምና (ሴኤምዩ) ተጠቀምቲ ክትኮኑ ትኽእሉ።

እዚ መሰል'ዚ ንገዛእ ነብስኹም፡ ንመጻምድኹም ወይ ንደቅኹም ሙሉእ ብሙሉእ ናጻ ሕክምና ክትረኽቡ የኽእለኩም።

ተጠቀምቲ ሴኤምዩ ንምዃን፡ ኣብ መንበሪ ቦታኹም ኣብ ዝርከብ ቀዳማዊ ቤት ጽሕፈት ኢንሹራንስ ጥዕና (ሴፔኣኤም) ክተመልከቱ ኣለኩም። ኣብ'ቲ እትነብሩሉ ቦታ ዝርከብ ቅርጺ፡ ወይ ገለ ማሕበራት፡ ኮማዊ ወይ ኢንተርኮማዊ ማሕበራዊ ማእከላት፡ ወይ ድማ ናይ ሆስፒታል ማሕበራዊ ኣገልግሎት ነዚ መስርሕ ኣብ ምስላጥ ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ።

መሰረታዊ መሰላት ናይ ሴኤምዩ ውጽኢታውያን፡ ቀወምቲን ጊዜ ዘይወስዱን እዮም። ኣብ መመላእታዊ ሴኤምዩ ንሓደ ዓመት ጥራይ የገልግሉ። ስለ'ዚ በብዓመቱ መመላእታዊ መሰልኩም ኣብ ሴኤምዩ ከተሐድሱዎ ይግባእ።

ብድሕሪ'ዚ፡ ሴፔኣኤም ተወሰኽቲ ሰነዳት ክሓተኩምን « ካርት ቪታል » ዝተባህለ ኤለክትሮኒካዊ ናይ ጥዕና ካርድ ንምድላው ዘገልግሎ ቀዋሚ ቍጽሪ ክህበኩምን ይኽእል።

## 5.4. መሰል ስራሕ

ከም ሓታት ዑቕባ መጠን፡ ብጥፍኣትኩም ዘይኰነ እሞ ካብ'ታ መሰል ዑቕባ ዝሓተትኩምላ ጊዜ ኣብ ውሽጢ ትሽዓተ ኣዋርሕ፡ ኦፍፕራ ጌና ንዅነታት ዑቕባኹም ዝምልከት ውሳኔ እንተዘይወሲዱ፡ ምስራሕ ክፍቀደልኩም ይኽእል እዩ (ዓንቀጽ ለ 744 -11 ናይ ሴሴዴኣ)።

ኣብ ከም'ዚ ዓይነት ኵነታት፡ ክልቲኡ ከምዝተመልአ ምስተረጋገጸ፡ እቲ ክስርሓኩም ዝተመደበ ኣስራሒ ዝመልኡ፡ ክትሰርሑ ፍቓድ ዝሓትት ፎርም ሒዝኩም፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ዞባ ናይ'ቲ እትነብሩሉ ከባቢ ክተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም።

ኣመሓዳሪ ፍቓድ ስራሕ ንምርካብ ናይ ዘቕረብኩሞ ተዛማዲ ውሳኔ ምስ ወሰደ፡ ነቲ ክስርሓኩም ዝተመደበ ሰብን ንዓኹምን ክንገረኩም እዩ።

ስምምዕ እንተተበጺሑ፡ እቲ ኣመሓዳሪ ልዕሊ ሰለስተ ኣዋርሕ ዝጸንሑ ውዕላት ስራሕ ወይ ድማ ወቕታውያን ውዕላት ስራሕ ኣብ ኦፊ ክፍቅድ ይኽእል።

ፍቓድ ናይ ምኽላእ ተኽእሎ ኣሎ። ብፍላይ ምስ ኣብ'ቲ ኣውራጃ ዘሎ ኵነታት ስራሕ ወይ ኣብ'ቲ ፍሉይ ዓይነት ስራሕ ዝርከብ ኵነታት ብዝተኣሳሰር ምኽንያት ብዘይካ ኣብ ዝርዝር ኣስማት ናይ'ተን ሰራሕተኛታት ናይ ምርካብ ጸገም ዘለወን ዓይነታት ስራሕ።

ጊዜያዊ ናይ ስራሕ ፍቓድ እንተሃልዩኩም እሞ ብጥፍኣትኩም ዘይኰነ ምኽንያት ናይ ስራሕ ውዕልኩም እንተተሰሪዙ፡ እቲ ንውሱን ጊዜ ዝፈረምኩሞ ውዕል ዕድመኡ እንተብቂዑ ወይ ጊዜያዊ ውዕል እንተነይሩ እሞ እንተተቛሪጹ፡ ኣብ ፖል ኦምፕልዋ ቀሪብኩም ስራሕ ንምድላይ ክትምዝገቡ ትኽእሉ ኢኹም።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ዕዳጋ ስራሕ ቅቡል እንተኹይንኩም፡ ብመሰረት ኣብ ሕጊ ዕዮ ሰፊሩ ዘሎ ዓንቀጻት፡ ተጠቀምቲ ናይ ሞያዊ ትምህርቲ ክትከተሉ ትኽእሉ ኢኹም።

# 6. ምንጻግ መሰል ዑቕባ ኣብ መሰል ምጽናሕ ኣብ መሬት ዘውርሶ ሳዕቤን

## 6.1. ናይ ምንጻግ ውሳኔ ብኦፍፕራ ወይ ሴኤንዴኣ

ኦፍፕራ ንናይ ዑቕባ መሰል ሕቶኹም እንተነጺጉዎ'ሞ ጥርዓን እንተዘየቕረብኩም፡ ወይ ሴኤንዴኣ ንጥርዓንኩም እንተነጺጉዎ፡ ኣብ መሬት ናይ ምጽናሕ መሰልኩም ክትሕደጉ ኢኹም። ዋላ ነዚ ናይ ሲኤንዴኣ ውሳኔ ብምቅዋም ኣብ ቤት ጽሕፈት ኣኽባር ሕጊ ይግባይ እንተቕረብኩም፡ ካብ መሬት ፈረንሳ ክትለቁ ግድን እዩ።

## 6.2. ሓገዝ ንምምላስ ናብ መበቆላዊት ሃገር

ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ክትጸንሑ ከምዘይትኽሉ ዝገልጽ ውሳኔን ካብ መሬት ፈረንሳ ናይ ምልቃቕ ግዴታ ከምዘለኩምን (ኦኪዩቴኤፍ) የፍልጠኩም። ኣብ'ዚ ውሳኔ ክንዲ ምንታት ገደብ ጊዜ ከምዘሎኩም ወይ ብወለንታ መሬት ፈረንሳ ክትለቁ ከምዘሎኩም ይንገረኩም፡ (ከም ግቡኡ ሓደ ወርሒ)። ኣብ ውሽጢ'ዚ ገደብ፡ ኣብ ገለ እዋናት፡ መሰል ሓገዝ ምምላስ ናብ መበቆላዊት ሃገር ክፍቀደልኩም ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። ከምኡ ምስ ዝኾውን፡ ምስ ኦፊ ክትራኸቡ ኣለኩም።

### ✓ ኣገባብ ሓገዝ መምለሲ

ንመምለሲ ዝወሃብ ሓገዝ ኣብ ዘይንቡር ኩነት ዝርከቡ ወጻእተኛታት ናብ ሃገሮም ክምለሱ ኣብ ዝደልዩሉ እዋን ካብ ፈረንሳ ንምልቃቕ ዘድልዮም መሳለጥያታት ኣብ ምቅላል ይዋሳእ።

እቲ ዕላማ፡ ክብረት ዘለዎ ምምላስ ምእንቲ ክኸውን ስለዝኾነ፡ ኦፊ ዝስከሞ ሓላፍነት ነዚ ዝስዕብ የጠቓልል፥

- ተጠቃሚን ስድራቤቱን ናብ ዓዶም ብወለንታኦም ንምጒዓዝ ዘድልዮም መሳለጥያ ኣብ ምውዳብ ነገራዊን ምምሕዳራውን ሓገዝ ምሃብ፡
  - ናይ ነፋሪት ቲኬት ምሕዛእ
  - ናይ ጉዕዞ ሰነዳት ኣብ ምድላው ሓገዝ ምብርካት
  - ካብ መንበሪ ቦታ ፈረንሳ ክሳብ መበገሲ ኤርፖርት ፈረንሳ ምስናይ
  - ኣብ ውሽጢ ኤርፖርት፡ ኣብ ጊዜ ስርዓት ጉዕዞ ዘድሊ ኣቀባብላን ደገፍን ምግባር

- ካብ መበገሲ ቦታ ፈረንሳ ክሳብ ናብ መበቆላዊት ሃገር እትበጽሕ ንዘሎ ገንዘባዊ ወጻኢታት፡ እንተላይ ናይ'ቲ ከከም መምለሲ ሃገር ዓቕኑ ዝውሰን ዋጋ ጽዕነት ሻልጃታት ምሽፋን

- ንተመላሲ ወጻእተኛ ኣብ ሓደ እዋን፡ ኣብ ጊዜ ምብጋስ ዝኽፈል ገንዘባዊ ሓገዝ ምሃብ

### ✓ ኣገባብ ሓገዝ መጣየሲ

ብዘይካ'ዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ መምለሲ ሓገዝ፡ ወይ ብተወሳኺ፡ ንሃገሮም ዝምለሱ ወጻእተኛታት ኣብ ማሕበራዊን ቍጠባዊን ህይወት ንምጥያስ ዝሕግዞም ሓገዝ እውን ክእመመሎም ይኽእል እዩ።

ኣብ ገለ እዋናት፡ እዚ ሓገዝ ነቶም መሰል ዑቕባ ዝተነፈጎም ወጻእተኛታትን ስድራቤቶምን እውን ክወሃብ ይኽእል እዩ።

ኣተገባብራ መጣየሲ ሓገዝ ብሰለስተ መድረኻት ይፍለ። እቲ ዝወሃብ ሓገዛት ከከም ኩነታትን ጠለባትን ተጠቀምቲ፡ ብመሰረት መንነት ተገልገልቲ፡ ነንሓድሕዱ ክደጋገፍ ይኽእል እዩ።

- ኣብ ጊዜ ምብጻሕ ዝወሃብ ሓገዝ ንማሕበራዊ ምጥያስ (ቀዳማይ መድረኽ)

ነገራዊ ይኹን ፋይናንሳዊ ህጹጽ ረድኤት መንበሪ ቦታ ኣብ ምምሕያሽ ወይ ንውሱን ጊዜ መዕረፊ ኣብ ምርካብ፡ ከምኡ`ውን ንወጻኢታት ሕክምና፡ ትምህርቲ ቆልዑ ወይ ናይ ትምህርቲ ናውቲ ከገልግል ይኽእል።

ብዘይካኡ`ውን፡ እዚ ረድኤት ከሳብ ውሱን እዋን ብፍሉይ መልክዕ፡ ንኣብነት ብመልክዕ ዝርዝር ናይ ስድራቤታዊ ጠለባት ማሕበራዊ መሰነይታ ክግበረሉ ይኽእል።

- ሓገዝ መጣየሲ ብስራሕ (ካልኣይ መድረኽ)

እዚ ሓገዝ ነዞም ዝስዕቡ የገልግል፡-

- ኣብ መምለሲ ሃገር ስራሕ ንምፍጣር ይሕግዝ
- ስራሕ ንምድላይ ይሕግዝ
- ንሞያዊ ስልጠና ይሕግዝ
-

- ሓገዝ መጣየሲ ትካል ብምፍጣር (ሳልሳይ መድረኽ)

## 6.3. ግዱድ ምምላስ ናብ መበቆል ሃገር

ነቲ ብወለንታ ክትምለሱ ዝተወሰነልኩም ናይ ሓደ ወርሒ ገደብ ጥሒስኩም መሬት ፈረንሳ ከይለቐቕኩም እንተጸኒሕኩም፡ ወይ ኣብ ኦፊል ቀሪብኩም ንወለንታዊ ምምላስ ዝግበር ረድኤት ክግበረልኩም እንተዘይሓቲትኩም፡ ወይ እውን ኣንጻር ኦክዩቴኤፍ ጥርዓን እንተዘየቕረብኩም፡ ኣብ መሬት ፈረንሳ ብዘይ ኣገባብ ትርከቡ ኣለኹም። ኣብ ከም`ዚ ዘይስሩዕ ኵነታት`ዚ፡ ብፖሊስ ናብ ዶብ ክትጥረዙ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ናይ ምስጓግ ስጉምቲ ናብ ሃገርኩም ናይ ምምላስኩም መስርሕ ክሳብ ዝሳለጥ፡ ኣብ ትሕቲ ማእከል ምምሕዳራዊ ተሃድሶ ክትሕየሩ ትኽእሉ ኢኹም።

ኣብ ወለንታዊ ምልቃቕ ከይተደናገኹም እንተድኣ ትእዛዝ ኦክዩቴኤፍ ተዋሂቡኩም፡ ካብ`ታ እታ ውሳኔ ዝተገለጸትልኩም ኣብ ዘይስሩዕ ኵነታት ስለ ትርከቡ፡ ናብ ዶብ ክትስጎጉ ተኽእሎ ኣሎ።

ናይ ምስጓግ ትእዛዝ ኦክዩቴኤፍ ምስ ተነገረኩም፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ናብ ምምሕዳራዊ ቤት ፍርዲ ብምቕራብ ክትጠርዑ ትኽእሉ ኢኹም (ኦክዩቴኤፍ ናይ ምብጋስኩም ገደብ እንተዘይወሲኑ 48 ሰዓታት)። ነዚ ጥርዓን ንምድላው፡ ኣብ ብቑዕ ምምሕዳራዊ ቤት ፍርዲ ቀሪብኩም ተጠቃሚ ሕጋዊ ሓገዝ ንም`ኳን ከተመልከቱ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ክሳብ ዝምስራሕ ሰለስተ ወርሒ ይወስድ። ኣብ ማሕዩር እንተጸኒሕኩም ግን ምምሕዳራዊ ቤት ፍርዲ ኣብ ውሽጢ ሰብዓን ክልተን ሰዓታት ውሳኔ ክህብ እዩ።

ኣንጻር ኦክዩቴኤፍ ምጥራዕ ዓጋቲ እዩ፡ ኣብ ጊዜ`ቲ ጥርዓን ንምቕራብ ዝተወሰነልኩም ገደብ ወይ ምምሕዳራዊ ቤት ፍርዲ ውሳኔኡ ቅድሚ ምግላጹ ክትርሐቁ ኣይትኽእሉን ኢኹም።

ብምምሕዳራዊ ኣዋጅ ምስጓግ ናብ ዶብ (ኣፔኤርኤፍ) ክትባረሩ እውን ትኽእሉ ኢኹም። ነዚ ድማ ኣብ ውሽጢ ኣርባዓን ሾሞንተን ሰዓታት ኣብ ምምሕዳራዊ ቤት ፍርዲ ቀሪብኩም ክትቃወሙዎ ትኽእሉ ኢኹም። ውሳኔ ቤት ፍርዲ ኣብ ውሽጢ ሰብዓን ክልተን ሰዓታት ይግለጽ። እዚ ጥርዓን እውን ብተመሳሳሊ ዓጋቲ እዩ።

# 7. መሰላት ተጠቀምቲ ዑቕባ

ከም ስደተኛ እንተተኣሚኑልኩም፡ ደጊም ኣብ ትሕቲ ዑቕባ ሰበ-ስልጣን ፈረንሳ ኣቲኹም ስለዝኾንኩም፡ ተጠቃሚ ናይ ካልኣዊ ዑቕባ ወይ ናይ ሃገር ዘይብሉ ሰብ መሰላት ኰይንኩም ኣለኹም።

ስደተኛ ወይ ተጠቃሚ ናይ ካልኣዊ ዑቕባ እንተኾይንኩም፡ ብሰንኪ ስግኣትኩም ምስ ሰበ-ስልጣን ናይ መበቆል ሃገርኩም ከትራኸቡ ኰነ ናብኡ ከትምለሱ ኣይትኽእሉን ኢኹም።

ኦፍፕራ ምምሕዳራዊን ሕጋዊን ዑቕባኹም ብምርግጋጽ፡ እዚ ትካል ሲቪላዊ ኩነታትኩም ድሕሪ ምስትኽኻል፡ ሲቪላዊን ምምሕዳራዊን ሰነዳት ይህበኩም።

## 7.1. ኣብ ፈረንሳ ምጽናሕ

**ከም ስደተኛ መጠን፡** ንዓሰርተ ዓመት ዘገልግልን ኣብ መሬት ፈረንሳ ብናጻ ክትንቀሳቐሱ ዘፍቅደልኩም፡ ናይ ምሕዳሱ መሰል ሙሉእ መሰል ዘለኩም ናይ መንበሪ ወረቐት ክትሕዙ ትኽእሉ።

ስደተኛ ምዃንኩም ዝኣምነልኩም ደብዳበ ምስ በጽሓኩም፡ ናብ ናይ ገዛውትኹም ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ክትከዱ ኣለኩም። ካብ`ታ መንበሪ ንምርካብ ማመልከቻ ዘእተኹምላ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሾሞንተ መዓልታት፡ እቲ ምምሕዳር ንሽዱሽተ ኣዋርሕ ዘገልግልን ክሕደስ ዝኽእልን « ቅቡል ስደተኛ » ዝተጻሕፎ ሬሲፒሴ ክረክበኩም እዩ። ነዚ ሬሲፒሴ ሒዝኩም፡ ዝመረጽኩሞ ስራሕ ክትሰርሑ ትኽእሉ። መንበሪ ካርድ ክሳብ ዝወሃበኩም እናተሓደሰ ይጸንሕ።

**ተጠቃሚ ካልኣዊ ዑቕባ እንተኾይንኩም፡** ንሓደ ዕመት ዘገልግል፡ ጸኒሑ ድማ ንኽልተ ዓመታት ዝሕደስን ኣብ መሬት ፈረንሳ ብናጻ ክትንቀሳቐሱ ዘፍቅድን ጊዜያዊ መንበሪ ካርድ ክትውንኑ መሰል ኣለኩም።

ስደተኛ ምዃንኩም ዝኣምነልኩም ደብዳበ ምስ በጽሓኩም፡ ናብ ናይ ገዛውትኹም ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ክትከዱ ኣለኩም። ካብ`ታ መንበሪ ንምርካብ ማመልከቻ ዘእተኹምላ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሾሞንተ መዓልታት፡ እቲ ምምሕዳር ንሽዱሽተ ኣዋርሕ ዘገልግልን ክሕደስ ዝኽእልን « ቅቡል ተጠቃሚ ካልኣዊ ዑቕባ » ዝተጻሕፎ ሬሲፒሴ ክረክበኩም እዩ። ነዚ ሬሲፒሴ ሒዝኩም፡ ዝመረጽኩሞ ስራሕ ክትሰርሑ ትኽእሉ።

እዚ ሰነድ`ዚ ክሳብ ናይ መወዳእታ መንበሪ ካርድ ዝወሃበኩም እናተሓደሰ ይጸንሕ። ዕለት ኣገልግሎቱ ቅድሚ ምሕላፉ፡ መግለጺ መንነትኩም ክሕደሰልኩም ኣብ ምምሕዳር ኣመልክቱ።

ኦፍፕራ ወይ ሴኤንዴኣ ንመሰል ዑቕባኹም እንተ'ቋሪጹዎ ወይ ባዕልኹም እንተንሳሒብኩም`፡ ኣብ ገለ እዋናት፡ መንበሪ ወረቐትኩም ክትሕደጉ ትኽእሉ ኢኹም።

**ሃገር ዘይብሉ ሰብ እንተኾይንኩም**, ንሓደ ዕመት ዘገልግል፡ ዝሕደስን ኣብ መሬት ፈረንሳ ብናጻ ክትንቀሳቐሱ ዘፍቅድን ጊዜያዊ መንበሪ ካርድ ክትውንኑ መሰል ኣለኩም።

ነዚ ዑቕባ ዝኣምነልኩም ደብዳበ ምስ በጽሓኩም፡ ናብ ናይ ገዛውትኹም ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ክትከዱ ኣለኩም።

እቲ ምምሕዳር ንሽዱሽተ ኣዋርሕ ዘገልግልን ክሕደስ ዝኽእልን « ቅቡል ሃገር ዘይብሉ ሰብ » ዝተጻሕፎ ሬሲፒሴ ክረክበኩም እዩ። ነዚ ሬሲፒሴ ሒዝኩም፡ ዝመረጽኩሞ ስራሕ ክትሰርሑ ትኽእሉ።

እዚ ሰነድ`ዚ ክሳብ ናይ መወዳእታ መንበሪ ካርድ ዝወሃበኩም እናተሓደሰ ይጸንሕ። ዕለት ኣገልግሎቱ ቅድሚ ምሕላፉ፡ መግለጺ መንነትኩም ክሕደሰልኩም ኣብ ምምሕዳር ኣመልክቱ።

ኣብ ፈረንሳ ሰለስተ ዓመት ብስሩዕ ድሕሪ ምቕማጥኩም፡ ሙሉእ መሰል ናይ ምሕዳስ ዘለዎ ናይ ዓሰርተ ዓመት መንበሪ ካርድ ክወሃበኩም ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

ኣብ ኩሉ ኩነታት፡ ህላዌኹም ኣብ ፈረንሳ ንጸጥታ ህዝቢ ኣስጋኢ ኩይኑ እንተተረኺቡ፡ ምምሕዳር መንበሪ ወርቐት ምሃብ ክኣብየኩም ይኽእል እዩ።

## 7.2. መንበሪ ንስድራቤት

### ■ መሰል መንበሪ ንስድራቤት

**ስድኣተኛ እንተኾይንኩም፡** ናይ ዓሰርተ ዓመት መንበሪ ካርድ ናይ ምርካብ መሰል ዘለዎም እዞም ዝስዕቡ እዮም፡

- ብሲቢላዊ ስርዓት ዝተመርዓኹሞ ብዓል/ቲ ቤት ወይ መጻምዲ፡ ልዕሊ ዓሰርተ ሾሞንተ ዓመት ዕድመ እንተሃለዎ/ዋ፡ መሰል ዑቕባ ቅድሚ ምሕታትኩም ተመርዒኹም ወይ ተጠራኒፍኩም እንተነይርኩም፡ ወይ ድማ ጽምብልኩም ብውሑዱ ቅድሚ ሓደ ዓመት ተፈጺሙ እንተነይሩ'ሞ ጌና ብሓባር ትነብሩ እንተሊኹም፡

- ፈታዊ/ትኩም, ብውሑዱ ዓሰርተ ሾሞንተ ዓመት ዕድመ እንተሃለዎ/ዋ፡ መሰል ዑቕባ ቅድሚ ምሕታትኩም ብቀዋሚን ቀጻሊን ሕቢርኩም ትነብሩ እንተነይርኩም፡

- ደቅኹም፡ ዓሰርተ ሾሞንተ ዓመት ድሕሪ ምምላኦም ወይ ክሰርሑ እንተደልዮም ካብ ዓሰርተ ሽዱሽተ ዓመቶም

- ወለድኹም (ቆመናን ቀጥታዊ ቅዳማይ ደረጃን) ጌና ትሕቲ ዕድመ እንተኾይንኩም ወይ እንተዘይተመርዒኹም፡

- ኣባላት ስድራቤትኩም ኣብ መንበሪ ከባቢኹም ኣብ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ክቐርቡ ኣለዎም፡

ብመሰረት መትከላት ምጥርናፍ ስድራቤት፡ ብዓል/ቲ ቤትኩም፡ መጻምድኹም ወይ ፈታዊ/ትኩም ከምኡ'ውን ትሕቲ ዕድመ ደቅኹም ኣብ ኦፍፕራ ናይ ስደተኛ መሰል ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም።

እዚ መትከል'ዚ ንልዕሊ ዕድመ ቆልዑን ኣዝማድን ኣይምልከትን።

**ተጠቃሚ መሰል ካልኣዊ ዑቕባ እንተኾይንኩም፡** ናይ ሓደ ዓመት ጊዜያዊ መንበሪ ካርድ ናይ ምርካብ መሰል ዘለዎም እዞም ዝስዕቡ እዮም፡

- ብሲቢላዊ ስርዓት ዝተመርዓኹሞ ብዓል/ቲ ቤት ወይ መጻምዲ፡ ልዕሊ ዓሰርተ ሾሞንተ ዓመት ዕድመ እንተሃለዎ/ዋ፡ መሰል ዑቕባ ቅድሚ ምሕታትኩም ተመርዒኹም ወይ ተጠራኒፍኩም እንተነይርኩም፡ ወይ ድማ ጽምብልኩም ብውሑዱ ቅድሚ ሓደ ዓመት ተፈጺሙ እንተነይሩ'ሞ ጌና ብሓባር ትነብሩ እንተሊኹም፡
- ፈታዊ/ትኩም, ብውሑዱ ዓሰርተ ሾሞንተ ዓመት ዕድመ እንተሃለዎ/ዋ፡ መሰል ዑቕባ ቅድሚ ምሕታትኩም ብቀዋሚን ቀጻሊን ሕቢርኩም ትነብሩ እንተነይርኩም፡

- ደቅኹም፡ ዓሰርተ ሾሞንተ ዓመት ድሕሪ ምምላኦም ወይ ክሰርሑ እንተደልዮም ካብ ዓሰርተ ሽዱሽተ ዓመቶም

- ወለድኹም (ቆመናን ቀጥታዊ ቅዳማይ ደረጃን) ጌና ትሕቲ ዕድመ እንተኾይንኩም ወይ እንተዘይተመርዒኹም፡

- ኣባላት ስድራቤትኩም ኣብ መንበሪ ከባቢኹም ኣብ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ክቐርቡ ኣለዎም፡

መትከል ምጥርናፍ ስድራቤት ንኣባላት ስድራቤት ተጠቃሚ ካልኣዊ መሰል ኣይምልከትን።

**ሃገር ዘይብልኩም እንተኾይንኩም፡** ከም ናትኩም ዓይነት መንበሪ ካርድ ናይ ምርካብ መሰል ዘለዎም እዞም ዝስዕቡ እዮም፡

- ብሲቢላዊ ስርዓት ዝተመርዓኹሞ ብዓል/ቲ ቤት ወይ መጻምዲ፡ ልዕሊ ዓሰርተ ሾሞንተ ዓመት ዕድመ እንተሃለዎ/ዋ፡ መሰል ዑቕባ ቅድሚ ምሕታትኩም ተመርዒኹም ወይ ተጠራኒፍኩም እንተነይርኩም፡ ወይ ድማ ጽምብልኩም ብውሑዱ ቅድሚ ሓደ ዓመት ተፈጺሙ እንተነይሩ'ሞ ጌና ብሓባር ትነብሩ እንተሊኹም፡

- ፈታዊ/ትኩም, ብውሑዱ ዓሰርተ ሾሞንተ ዓመት ዕድመ እንተሃለዎ/ዋ፡ መሰል ዑቕባ ቅድሚ ምሕታትኩም ብቀዋሚን ቀጻሊን ሕቢርኩም ትነብሩ እንተነይርኩም፡

- ደቅኹም፡ ዓሰርተ ሾሞንተ ዓመት ድሕሪ ምምላኦም ወይ ክሰርሑ እንተደልዮም ካብ ዓሰርተ ሽዱሽተ ዓመቶም

- ወለድኹም (ቆመናን ቀጥታዊ ቅዳማይ ደረጃን) ጌና ትሕቲ ዕድመ እንተኾይንኩም ወይ እንተዘይተመርዒኹም፡

- ኣባላት ስድራቤትኩም ኣብ መንበሪ ከባቢኹም ኣብ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ክቐርቡ ኣለዎም፡

መትከል ምጥርናፍ ስድራቤት ንኣባላት ስድራቤት ሃገር ዘይብሉ ሰብ ኣይምልከትን።

## ■ መሰል ምጥርናፍ ስድራቤት

መሰል ዑቕባ ኣብ ዝረኸብኩምሉ እዋን፡ ኣባላት ስድራቤትኩም ካብ ፈረንሳ ወጻኢ እንተነይሮም፡ ካብ'ታ መሰል ዑቕባ ብዘይ ኮነት ምንጭታትን መንበሪን ዝረኸብኩምላ ዕለት ኣትሒዝኩም፡ ብመሰረተ መስርሕ ምጥርናፍ ስድራቤት ናብ ፈረንሳ ከተምጽኡዎም ትኽእሉ ኢኹም።

በዚ መሰል'ዚ ተጠቀምቲ ክኾኑ ዝኽእሉ እዞም ዝስዕቡ እዮም፡

- ብሲቢላዊ ስርዓት ዝተመርዓኹሞ ብዓል/ቲ ቤት ወይ መጻምዲ፡ ልዕሊ ዓሰርተ ሾሞንተ ዓመት ዕድመ እንተሃለዎ/ዋ፡ መሰል ዑቕባ ቅድሚ ምሕታትኩም ተመርዒኹም ወይ ተጠራኒፍኩም እንተነይርኩም፡
- ፈታዊ/ትኩም, ብውሑዱ ዓሰርተ ሾሞንተ ዓመት ዕድመ እንተሃለዎ/ዋ፡ መሰል ዑቕባ ቅድሚ ምሕታትኩም ብቀዋሚን ቀጻሊን ሕቢርኩም ትነብሩ እንተነይርኩም፡

- ደቅኹም፡ እንተበዝሐ ዓሰርተ ትሽዓተ ዓመት ዝመልኡን ዘይተመርዓዉን፡

- ወለድኹም (ቆመናን ቀጥታዊ ቅዳማይ ደረጃን) ጌና ትሕቲ ዕድመ እንተኾይንኩም ወይ እንተዘይተመርዒኹም፡

ናብ ፈረንሳ ንምእታው፡ ኣባላት ስድራቤትኩም ኣብ'ቶም ነዚ ጉዳይ ኣብ ዝቐልጠፈ ጊዜ ክሳልጡ ዝኽእሉ ዲፕሎማስያዊ ወይ ቆንስላዊ ኣካላት ቀሪቦም ንልዕሊ ሰለስተ ኣዋርሕ ንምንባር ዘገልግሎም መእተዊ ቪዛ ክሓቱ ኣለዎም።

ኮነታትኩም ምስ መትከላትን ስድራቤታዊ ህይወት ዝመርሑ ሕግታትን ሪፓብሊክ ፈረንሳ ዘይሳነ እንተኾይኑ፡ ሕቶኹም ንምጥርናፍ ስርድራቤት ክንጸግ ተኽእሎ ኣለዎ። ብተመሳሳሊ፡ ኣብ ፈረንሳ መጺኡ ንጸጥታ ህዝቢ ስግኣት ክፈጥር ይኽእል ተባሂሉ ዝተኣመነሉ ዝኾነ ኣባል እታ ስድራቤት ካብ ናይ ምጥርናፍ ስድራቤት መሰል ክግለፍ ይኽእል እዩ።

መርዓኹም ቅድሚ መሰል ዑቕባ ምሕታትኩም ተፈጺሙ እንተነይሩ፡ ኣብ ኦፊ ቀሪብኩም መስል ምጥርናፍ ስድራቤት ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

## 7.3.ምውህሃድ

### ■ ምስ ቤት ጽሕፈት ኦፊ (ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽንን ምውህሃድን ፈረንሳ) ናይ ኣቀባብላን ምውህሃድን ውዕል ምፍራም

ከም ስደተኛ ወይ ከም ተጠቃሚ መሰል ካልኣዊ ዑቕባ መጠን፡ ናይ ኣቀባብላን ምውህሃድን ውዕል ክትፍርሙ ኣለኩም። እዚ ኣብ መንገኹምን መንግስቲን ዝፍረም ውዕል ኣብ ሕብረተሰብ ፈረንሳ ንኽትወሃሃዱ ዝሕግዘኩምን ኣብ ምርካብ ስራሕን መንበሪን ዘሰንየኩምን መሳለጥያ እዩ።

በዚ ውዕል ክትረኽቡዎ ትኽእሉ ከም'ዚ ይመስል፡-

- ኣብ ውሽጢ ሓንቲ መዓልቲ እትቕስሙዎ ሲቪካዊ ትምህርቲ ብዛዕባ ትካላት ፈረንሳ፡ ክብርታት ሪፓብሊክ፡ ኣወዳድባን ኣሰራርሓን መንግስቲ ይሕብረኩም።

- ትምህርቲ ብዛዕባ ህይወት ኣብ ፈረንሳ ግብራዊ ሓበሬታ ብዛዕባ ዕለታዊ ህይወት (ትምህርቲን ስራሕን፡ መንበሪ፡ ክንክን ጥዕና፡ ቆልዑን መውዓሊኦምን፡ ቤት ትምህርቲን ማሕበራዊ ናብራን...) የፍልጠኩም።

- ምስ ደረጃኹም ዝኸይድ ትምህርቲ ቋንቋ። ኣብ መወዳእታ ናይ'ዚ ትምህርቲ ንመባእታዊ ዲፕሎማ ቋንቋ ፈረንሳ ክትምርመሩ ኢኹም።

- ሓደ ጭቡጥ ሞያዊ ውጥን ክትሕንጽጹን ኣብ ትምህርቲ ዘድለይኩም ጠለባት ከተለልዩን ዝሕግዘኩም ንብቕዓትኩም፡ ሓፈሻዊ ፍልጠትኩም፡ ዓቕምኹምን ውልቃዊን ሞያዊን ህንጡይነቱኩምን ዝሕብር ጸብጻብ ይወሃበኩም።

- ከከም ኩነታትኩም ዘድልየኩም ማሕበራዊ መሰነይታ ብማሕበራዊ ኣገልግሎት ናይ ኦፊ ወይ ነዚ ተራ ዝበቅዕ ኣካል ይወሃበኩም።

ዝያዳ ሓበሬታ እንተድልዩኩም፡ ኣብ ከባቢ መንበሪኹም ንዝርከብ መሬታዊ መምርሒ ናይ ኦፊ ክትውከሱ ትኽእሉ።

## 7.4. ማሕበራዊ መሰላት

### ■ ዕድል መንበሪ

ኣብ እዋን መስርሕ ምስላጥ ናይ ዑቕባ መሰልኩም፡ ኣብ ናይ ካዳ መዕረፊ ወይ ካልእ ሃገራዊ መቐበሊ ኩነታት ዝምልከቶ ማእከል ኣጽሊልኩም እንተጸኒሕኩም፡ መሰል ዑቕባ ምስ ተጓናጸፍኩም ኣብ'ቲ ማእከል ንሰለስተ ኣዋርሕ ክትጸንሑ መሰል ኣለኩም። ምስ ኣመሓዳሪ ተሰማሚዕኩም ከተሐድሱዎ ትኽእሉ ኢኹም።

ኣብ ዑቕባ እንተኣቲኹም፡ ኣብ ጊዘያዊ ማእከል መንበሪ (ሴፑኣሽ) ቦታ ንምርካብ ኣብ ኦፊ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። ቅቡል ንምኳን ዘድሊ ቅድመ-ኩነት ኩሉ እንተ'ማሊክእኩም እሞ ሓንቲ ቦታ እንተተረኺባ፡ ንትሸዓተ ኣዋርሕ ክትቕመጡዋ ይፍቀደልኩም። ብድሕሪኡ ንሰለስተ ወርሒ ከተሐድሱዎ ትኽእሉ ኢኹም።

ኣባላት'ቲ ማእከል፡ ኣድማሳዊ ኣቀራርባ ናይ ውልቃዊ ኩነታትኩም ተጠቒሞም፡ ኣብ መስርሕ ምውህሃድ ክሕግዙኹም እዮም።

ብኻልእ ወገን፡ ውልቃዊ መናፈሻ ኣብ ዘለዎ መንበሪ ወይ ማሕበራዊ መንበሪ ናይ ምርካብ መሰል ተጠቀምቲ ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም።

## ■ ዕድል ስራሕ

**ስደተኛ ምኽንኩም እንተተኣሚኑልኩም፡** ካብ’ታ « ቅቡል ስደተኛ » እትብል ሪሲፒሴ ዝተቐበልኩምላ ዕለት፡ ኣብ ዕዳጋ ስራሕ ክትሳተፉ ናጻ ኢኹም።

**ተጠቃሚ መሰል ካልኣዊ ዑቕባ ምኽንኩም እንተተኣሚኑልኩም፡** ካብ’ታ « ቀዳማይ ኣርእስቲ መንበሪ ሓቲቱ’ሎ » እትብል ሪሲፒሴ ዝተቐበልኩምላ ዕለት፡ ክትሰርሑ ትኽእሉ ኢኹም።

ንዝተወሰነ (ሴዴዴ) ወይ ንዘይተወሰነ ጊዜ (ሴዴኢ) ዝተዳለወ ውዕል ክትፍርሙ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ዝርዝር ኣስማት ሓተትቲ ስራሕ ብምምዝጋብ ድማ፡ ተጠቃሚ ውልቃዊ መሰነይታ ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም። ትምህርቲ ክትወስዱ ትኽእሉ ኢኹም።

---

ገለ ሞያታት ብኮነታት ዲፕሎም ወይ ዜግነት ይቕየዱ እዮም።

ኣብ ሓደ ምምሕዳር ወይ እኩብ መሬት ስግር ባሕሪ ዝተዋህበ መንበሪ ካርድ ኣብ ሜትሮፖል ንምስራሕ ከገልግል ኣይክእልን።

---

## ■ ዕድል ክንክን ጥዕና

ኣብ እዋን መስርሕ መሰል ዑቕባ፡ ድሮ መንበሪ መሰል ተፈቒዱልኩም፡ ኣብ መሰረታዊ ኣድማሳዊ ሽፈነ ጥዕና (ሴኤምዩ) ተመዝጊብኩም ኣለኹም።

እዚ ኣባልነትኩም ቀጻሊ እዩ። እንተኾነ፡ ኣብ ምምሕዳራዊ ኩነታትኩም ንዘጋጥም ለውጢ ኣብ ከባቢኹም ኣብ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ቀዳማዊ ኢንሹራንስ ጥዕና (ሴፔኣኤም) ክትሕብሩ ኣለኩም።

መሰላትኩም ኣብ መስርሕ ምሕታት ዑቕባ እንከለኹም እንተዘይተኸቢሩልኩም፡ ዳግማይ ክኸፈተልኩም ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

ናይ ስደተኛ መንነት ምዕታርኩም ወይ ተጠቃሚ መሰል ካልኣዊ ዑቕባ ምኽንኩም፡ ኣብ ማሕበራዊ ውሕስነት ቀዋሚ መለለዪ ከውህበኩም እዩ።

ደሞዝ ዝኽፈሎ ስራሕ እንተረኺብኩም፡ ኣብ ስርዓት ናይ ደሞዝተኛታት ምእንቲ ክትምዝገቡ፡ ኣብ ሲፒኣኤም እትኽተሉዎ መስርሕ ኣሎ።

## ■ ማሕበራዊን ስድራቤታዊን ክፍሊታት

ኣብ ዑቕባ ከም ምህላውኩም መጠን፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ስድራቤታዊ ክፍሊታት (ካፍ) ወይ ኣብ ከባቢ መንበሪኹም ኣብ ዝርከቡ ካልኦት ኣለይቲ ትካላት ብምውካስ፡ ተጠቀምቲ ዝተፈላለዩ ገንዘባዊ ክፍሊታት ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም።

እቲ ዝግባእ ቅድመ-ኵነት እንተ መሊእኩም፡ ተጠቀምቲ መኽሰብ ንጡፍ ምትሕግጋዝ (ኤርኤስኣ)፡ ስድራቤታዊ ክፍሊት፡ ናይ መንበሪ ገዛ ክፍሊት፡ ናይ ንጹል ወላዲነት ክፍሊት፡ ናይ ንኣሽቱ ቆልዑ መቐበሊ ክፍሊት፡ ወይ እውን ንዓበይቲ ኣካለ-ስንኩላን ናይ ዝወሃብ ክፍሊት ተጠቀምቲ ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም።

ነዚ ናይ ማሕበራዊ ክፍሊታት መሰላት ዝከታተላ ኣብያተ ጽሕፈት ስድራቤታዊ ክፍሊት (ካፍ) ኣብ ኣማኢት ቦታታት መሬት ፈረንሳ ተዘርጊሐን ኣለዋ።

ተጠቃሚ ናይ'ዞም ማሕበራውያን ክፍሊታት ንምዃን፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ስድራቤታዊ ክፍሊታት ወይ ኣብ ናይ መንበሪኹም ከባቢ ዝርከብ ማእከል ማሕበራዊ ጉዳይ ከይድኩም ምንጭታትኩም ከተፍልጡ ኣለኩም (ናይ ክልተ ዳሕረዎት ዓመታት)። ብተመሳሳሊ ኣብ ኢንተርነት (www.caf.fr) ኣብ ዝብል ኣድራሻ ዝምላእ ፎርም ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። ናይ ባንክ ሕሳብ ክህልወኩም ኣድላዪ እዩ።

## 7.5. ጉዕዞ ናብ ወጻኢ

ተጠቃሚ ዑቕባ እንተኾይንኩም እሞ ካብ ፈረንሳ ወጻኢ ክትገሹ እንተደሊኹም፡ ናይ ከባቢኹም ምምሕዳር ናይ ጉዕዞ መንቀሳቐሲ ክህበኩም ይኽእል እዩ።

**ስደተኛ እንተኾይንኩም፡** ንክልተ ዓመት ዘገልግለኩም ናይ ጉዕዞ መንቀሳቐሲ ክትቕበሉ ኢኹም።

**ተጠቃሚ መሰል ካልኣዊ ዑቕባ እንተኾይንኩም፡** ንሓደ ዓመት ዘገልግለኩም ናይ ጉዕዞ መንቀሳቐሲ ክትቕበሉ ኢኹም።

<u>ተጠንቀቑ !</u> : እዞም ናይ ጉዕዞ መንቀሳቐሲታት`ዚኣቶም ናብ መበቆል ሃገርኩም ክትከዱሎም ኣይፍቀደኩምን። እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ ግን፡ ፍጹም ዝተፈለየ ኩነታት እንተ ኣጋጢሙ፡ (ንኣብነት ሞት ወይ ብርቱዕ ሕማም ናይ ቀረባ ቤተሰብ)፡ ኣብ ምምሕዳር ፍቓድ እንተሓቲትኩም፡ እንተነውሐ ንሰለስተ ኣዋርሕ ኣብ መበቆላዊ ዓድኹም ክትበጽሑ ዘኽእል ናጻ መንቀሳቐሲ ክትወሃቡ ትኽእሉ።

**ሃገር ዘይብልኩም እንተኾይንኩም፡** ናብ ዝኾነት ሃገር ክብጽሓኩም ዝኽእል፡ ጊዜያዊ መንበሪ ካርድ እንተልዩኩም ንሓደ ዓመት፡ ናይ ነባሪ ካርድ እንተልዩኩም ግን ንክልተ ዓመት ዘገልግል፡ ናይ ሃገር ዘይብሉ መንቀሳቐሲ ትወሃቡ።

እዞም ናይ ጉዕዞ መንቀሳቐሲታት ኣብ ዲፕሎማስያውን ቆንስላዊትን ቤት ጽሕፈታት ፈረንሳ ክሕደሱ ኣይክእሉን እዮም። ስለ'ዚ ቅድሚ ምብጋስኩም ዕድመ መንቀሳቐሲኹም ነቲ ዝመደብኩሞ መገሻ እኹል ጊዜ ከም ዘለዎ ኣረጋግጹ።

ካብ ፈረንሳ ወጺእኩም እንከለኹም መንቀሳቐሲኹም መዓልቱ እንተ ወዲቑ (እንተተሰሪቕኩም ወይ እንተጠፊኡኩም)፡ ኣብ'ቲ እትርከቡሉ ሃገር ናብ ዝርከቡ ሰበ-ስልጣን ዲፕሎማስያዊን ቆንስላዊን ጉዳያት ፈረንሳ ከይድኩም፡ ናብ ፈረንሳ ክትምለሱ ዘብቅዓኩም፡ ማዕረ ማዕረ'ቲ ክትጥቀሙሉ ዝጸናሕኩም መንቀሳቐሲ ጉዕዞ ዝስነ ቆንስላዊ ሌሴፓሴ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

ስደተኛ እንተኾይንኩም ወይ ተጠቃሚ መሰል ካልኣዊ ዑቕባ እንተኾይንኩም፡ ኣብ መሬት ፈረንሳ ዝርከብ እሞ ተጠቃሚ መሰል ዑቕባ ንምዃን ዘይበቕዐ ወጻእተኛ ውላድኩም፡ ንሓደ ዓመት ዘገልግሎ ናይ ጉዕዞ ሰነድ ክወሃብ ይኽእል እዩ።

## 7.6. ዜግነት ምርካብ

**ከም ስደተኛ ተኣሚኑልኩም እንተጸኒሑ፡** ነዚ መንነት ካብ ዝተዋሃብኩምሉ ኣትሒዝኩም ዜግነት ፈረንሳ ንምርካብ ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም።

**መሰል ካልኣዊ ዑቕባ ወይ ናይ ሃገር ዘይብሎም ሰባት መስል ረኺብኩም እንተጸኒሕኩም፡** ዜግነት ንምርካብ ቅድሚ ምምልካትኩም ኣብ ፈረንሳ ንሓሙሽተ ዓመታት ተቐሚጥኩም ክትጸንሑ ኣለኩም።

ዜግነት ንምሕታት ከተማልኡዎም ዝግባእ ሓደሓደ ኩነታት ኣለዉ (ንኣብነት፡ ቋንቋ ፈረንሳ ምኽኣል)

ፋይልኩም ኣብ ናይ ዜግነት መጋባእያ ከተብጽሑ ኣለኩም።

# መውጽኢን ኣድለይቲ ኣድራሻታትን :

*እዚ ዝርዝር ንኹሉ ዝሓቖፍ ኣይኮነን*

## 1. ሃገራዊ ኣድራሻታት

ኦፍፕራ፥
**Office français de protection des réfugiés et apatrides (OFPRA)**
201, rue Carnot
94 136 FONTENAY-SOUS-BOIS CEDEX
tél : 01 58 68 10 10
fax : 01 58 68 18 99
http://www.ofpra.gouv.fr/

**Cour nationale du droit d'asile (CNDA)**
35, rue Cuvier
93 558 MONTREUIL-SOUS-BOIS Cedex
tél : 01 48 10 40 00
fax : 01 48 18 41 97
http://www.commission-refugies.fr/

**Haut Commissariat des Nations-Unies pour les Réfugiés (HCR)**
9, rue Keppler
75 116 PARIS
tél : 01 44 43 48 58
fax : 01 40 70 07 39
http://www.unhcr.org/

**Office français de l'immigration et de l'intégration (OFII)**
44, rue Bargue
75 015 PARIS
tél : 01 53 69 53 70
fax : 01 53 69 53 69
http://www.ofii.fr

## ■ ማሕበራት

**Association des chrétiens pour l'abolition de la torture (ACAT)**
7, rue Georges Lardennois
75 019 PARIS
tél : 01 40 40 42 43 / fax : 01 40 40 42 44
http://www.acatfrance.fr/

**Act'up**
45, rue Sedaine
75 011 PARIS
tél : 01 48 06 13 89 / fax : 01 48 06 16 74
http://www.actupparis.org/

**Amnesty International - section française**
76, boulevard de la Villette
75 019 PARIS
tél : 01 53 38 65 16 / fax : 01 53 38 55 00
http://www.amnesty.fr/

**Association Primo Lévi**
107, avenue Parmentier
75 011 PARIS
tél : 01 43 14 08 50 / fax : 01 43 14 08 28
http://www.primolevi.asso.fr/

**Association d'accueil aux médecins et personnels de santé réfugiés en France (APSR)**
Hôpital Sainte Anne
1, rue Cabanis
75 014 PARIS
tél : 01 45 65 87 50 / fax : 01 53 80 28 19
http://www.apsr.asso.fr

**Comité d'aide exceptionnelle aux intellectuels réfugiés (CAEIR)**
43, rue Cambronne
75 015 PARIS
tél : 01 43 06 93 02 / fax : 01 43 06 57 04

**Centre d'action sociale protestant (CASP)**
20, rue Santerre
75 012 PARIS
tél : 01 53 33 87 50 / fax : 01 43 44 95 33
http://www.casp.asso.fr

**CIMADE - Service œcuménique d'entraide**
64, rue Clisson
75 013 PARIS
tél : 01 44 18 60 50 / fax : 01 45 56 08 59
http://www.cimade.org

**Comité médical pour les exilés (COMEDE)**

Hôpital de Bicêtre
78, rue du Général Leclerc
BP 31
94 272 LE KREMLIN BICÊTRE
tél : 01 45 21 38 40 / fax : 01 45 21 38 41
http://www.comede.org

**Croix rouge française**
1, place Henry Dunant
75 008 PARIS
tél : 01 44 43 11 00
fax : 01 44 43 11 69
http://www.croix-rouge.fr

**Fédération des associations de soutien aux travailleurs immigrés (FASTI)**
58, rue des Amandiers
75 020 PARIS
tél : 01 58 53 58 53 / fax : 01 58 53 58 43
http://www.fasti.org

**Forum réfugiés**
28, rue de la Baïsse - BP 1054
69 612 VILLEURBANNE CEDEX
tél : 04 72 97 05 80 / fax : 04 72 97 05 81
http://www.forumrefugies.org

**France Terre d'Asile (FTDA)**
24, rue Marc Seguin
75 018 PARIS
tél : 01 53 04 39 99 / fax : 01 53 04 02 40
http://www.france-terre-asile.org

**Groupe accueil solidarité (GAS)**
17, place Maurice Thorez
94 800 VILLEJUIF
tél : 01 42 11 07 95 / fax : 01 42 11 09 91
http://pagesperso-orange.fr/gas.asso

**Groupe d'information et de soutien des immigrés (GISTI)**
3, villa Marcès
75 011 PARIS
tél : 01 43 14 60 66 / fax : 01 43 14 60 69
http://www.gisti.org

**Ligue des droits de l'homme (LDH)**
138, rue Marcadet
75 018 PARIS
tél : 01 56 55 51 00 / fax : 01 56 55 51 21
http://www.ldh-france.org

**Mouvement contre le racisme et pour l'amitié entre les peuples (MRAP)**
43, boulevard Magenta
75 010 PARIS
tél : 01 53 38 99 99 / fax : 01 40 40 90 98
http://www.mrap.asso.fr

**Secours catholique**
23, boulevard de la Commanderie
75 019 PARIS
tél : 01 48 39 10 92 / fax : 01 48 33 79 70
http://www.secours-catholique.asso.fr

**Service national de la pastorale des migrants et des personnes itinérantes (SNPMPI)**
58, avenue de Breteuil
75 007 PARIS
tél : 01 72 36 69 47 / fax : 01 46 59 04 89
http://migrations.catholique.fr

## 2. ዞባዊ ኣድራሻታት

### ■ ፍሉይ መቐበሊታት

ALSACE
- Haut-Rhin : 7, rue Bruat, 68 020 Colmar
- Bas-Rhin
  5, place de la République, 67 073 Strasbourg

AQUITAINE
- 2, esplanade Charles de Gaulle,
  33 000 Bordeaux

AUVERGNE
- 18, boulevard Desaix,
  63 000 Clermont-Ferrand

BOURGOGNE
- Nièvre, Saône-et-Loire
  196, rue de Strasbourg, 71 000 Mâcon
- Côte d'Or, Yonne
  53, rue de la préfecture, 21 041 Dijon

BRETAGNE
- 3, avenue de la préfecture, 35 026 Rennes

CENTRE
- 181, rue de Bourgogne, 45 042 Orléans

CHAMPAGNE-ARDENNE
- 38, rue Carnot,
  51 036 Châlons-en-Champagne

FRANCHE-COMTE
- 8 bis, rue Charles Nodier, 25 035 Besançon

GUADELOUPE
- Palais d'Orléans, rue Lardenoy
  97 109 Basse-Terre, Guadeloupe

ILE-DE-FRANCE
- Paris
  92, boulevard Ney, 75 018 Paris
- Seine-et-Marne
  12, rue des Saints Pères, 77 000 Melun
- Yvelines
  1, rue Jean Houdon, 78 000 Versailles
- Essonne
  Boulevard de France, 91 000 Évry
- Hauts-de-Seine
  167-177 Av. Frédéric et Irène Joliot Curie, 92000 Nanterre
- Seine-Saint-Denis
  13, rue Marguerite-Yourcenar,
  93 000 Bobigny
- Val-de-Marne
  13/15 Rue Claude Nicolas Ledoux,
  94 000 Créteil
- Val d'Oise
  5, avenue Bernard Hirsch,
  95 010 Cergy-Pontoise

LANGUEDOC-ROUSSILLON
- 34, place des Martyrs de la résistance,
  34 000 Montpellier

LIMOUSIN
- 19, rue Cruveilhier, 87 000 Limoges

LORRAINE
- 9, place de la Préfecture, 57 000 Metz

MIDI-PYRENEES
- 1, place Saint-Étienne, 31 038 Toulouse

NORD-PAS-DE-CALAIS
- Nord
  12/14, rue Jean Sans Peur, 59 039 Lille
- Pas-de-Calais
  9, esplanade Jacques Vendroux, 62 100 Calais

BASSE-NORMANDIE
- rue Daniel Huet, 14 038 Caen cedex 09

HAUTE-NORMANDIE
- 7, place de la Madeleine, 76 000 Rouen

PAYS DE LOIRE
- Loire-Atlantique, Vendée
  6, quai Ceineray, 44 035 Nantes
- Maine-et-Loire, Mayenne, Sarthe
  Place Michel Debré, 49 934 Angers

PICARDIE
- 1, place de la Préfecture, 60 000 Beauvais

POITOU-CHARENTES
- Bâtiment Haussmann - Impasse des Écossais, 86 000 Poitiers

PROVENCE-ALPES-COTE-D'AZUR

- Bouches-du-Rhône, Vaucluse
  66, bis rue Saint-Sébastien, 13 006 Marseille
- Alpes-de-Haute-Provence, Hautes-Alpes, Alpes-Maritimes, Var
  147, boulevard du Mercantour, 06 200 Nice

RHONE-ALPES
- Isère, Savoie, Haute-Savoie
  12, place de Verdun, 38 000 Grenoble
- Ain, Ardèche, Drôme, Loire, Rhône
  106, rue Pierre Corneille, 69 003 Lyon

## ■ ምምሕዳራት

ALSACE
- Haut-Rhin
  7, rue Bruat, 68 020 Colmar
- Bas-Rhin
  5, place de la République, 67 073 Strasbourg

AQUITAINE
- Gironde
  2, esplanade Charles de Gaulle,
  33 000 Bordeaux
- Dordogne
  2, rue Paul Louis Courier, 24 000 Périgueux
- Landes
  24, rue Victor Hugo, 40 021 Mont-de-Marsan
- Lot-et-Garonne
  Place de Verdun, 47 920 Agen
- Pyrénées-Atlantiques
  2, rue du maréchal Joffre, 64 021 Pau

AUVERGNE
- Puy-de-Dôme
  18, boulevard Desaix,
  63 000 Clermont-Ferrand
- Allier
  2, rue Michel de l'Hospital, 03 000 Moulins
- Cantal
  2, cours Monthyon, 15 000 Aurillac
- Haute-Loire
  6, avenue du Général de Gaulle
  43 000 Le Puy-en-Velay

BOURGOGNE
- Saône-et-Loire
  196, rue de Strasbourg, 71 000 Mâcon
- Nièvre
  40, rue de la Préfecture, 58 000 Nevers
- Yonne
  Place de la Préfecture, 89 000 Auxerre
- Côte d'Or
  53, rue de la Préfecture, 21 041 Dijon

BRETAGNE
- Ille-et-Vilaine
  3, avenue de la Préfecture, 35 026 Rennes
- Côtes d'Armor
  1, place Général de Gaulle, 22 000 Saint-Brieuc
- Finistère
  42, boulevard Dupleix, 29 000 Quimper
- Morbihan
  24, place de la République, 56 000 Vannes

CENTRE
- Loiret
  181, rue de Bourgogne, 45 042 Orléans
- Cher
  Place Marcel Plaisant, 18 000 Bourges
- Eure-et-Loir
  Place de la République, 28 000 Chartres
- Indre
  Place de la Victoire et des Alliés,
  36 000 Châteauroux
- Indre-et-Loire
  15, rue Bernard Palissy, 37 925 Tours
- Loir-et-Cher
  Place de la république, 41 000 Blois

CHAMPAGNE-ARDENNE
- Ardennes
  Esplanade du Palais de Justice,
  08 000 Charleville-Mézières
- Aube
  2, rue Pierre Labonde, 10 000 Troyes
- Haute-Marne
  89, rue Victoire de la Marne,
  52 011 Chaumont
- Marne
  38, rue Carnot,
  51 036 Châlons-en-Champagne

FRANCHE-COMTE
- Doubs
  8, bis Rue Charles Nodier, 2 5035 Besançon
- Jura
  8, rue de la Préfecture, 3 9000 Lons-le-Saunier
- Haute-Saône
  1, rue de la Préfecture, 70 013 Vesoul
- Territoire de Belfort
  Place de la République, 90 000 Belfort

GUADELOUPE

- Palais d'Orléans, Rue Lardenoy,
  97 109 Basse-Terre 97109, Guadeloupe

ILE-DE-FRANCE

- Paris : 92, boulevard Ney, 75 018 Paris
- Seine-et-Marne
  12, rue des Saints Pères, 77 000 Melun
- Yvelines
  1, rue Jean Houdon, 78 000 Versailles
- Essonne
  Boulevard de France, 91 000 Evry
- Hauts-de-Seine
  167-177, avenue Frédéric et Irène Joliot Curie, 92 000 Nanterre
- Seine-Saint-Denis
  1, esplanade Jean Moulin, 93 007 Bobigny
- Val-de-Marne
  21-29, avenue du Général De Gaulle,
  94 038 Créteil cedex
- Val d'Oise
  5, avenue Bernard Hirsch, 95 010 Cergy-Pontoise

LANGUEDOC-ROUSSILLON

- Hérault : 34, place des Martyrs de la résistance,
  34 000 Montpellier
- Aude : 52, rue Jean Bringer,
  11 000 Carcassonne
- Gard : 10, avenue Feuchères, 30 000 Nîmes
- Lozère : rue du faubourg Montbel,
  48 005 Mende
- Pyrénées-Orientales : 120, avenue Emile Roudayre,
  66 000 Perpignan

LIMOUSIN

- Corrèze : 1, rue Souham, 19 000 Tulle
- Creuse : 4, place Louis Lacrocq, 23 000 Guéret
- Haute-Vienne : 1, rue de la Préfecture,
  87 000 Limoges

LORRAINE

- Moselle : 9, place de la Préfecture
  570 00 Metz
- Meuse
  40, rue du Bourg, 55 000 Bar-le-Duc
- Meurthe-et-Moselle
  1, rue Préfet Claude Erignac, 54 000 Nancy
- Vosges : Place Foch, 88 026 Epinal

MIDI-PYRENEES

- Haute-Garonne
  1, place Saint-Étienne, 31 038 Toulouse
- Ariège
  2, rue de la préfecture Préfet Claude Erignac, 09 000 Foix
- Aveyron
  7, place Général de Gaulle, 12 000 Rodez
- Gers
  7, rue Arnaud de Moles, 32 000 Auch
- Lot
  Cité Bessières, Rue Pierre Mendes France, 46000 Cahors
- Hautes-Pyrénées
  Place du Général de Gaulle, 65 000 Tarbes
- Tarn
  Place de la Préfecture, 81 013 Albi
- Tarn-et-Garonne
  2, allée de l'Empereur, 82 013 Montauban

NORD-PAS-DE-CALAIS

- Nord
  12/14, rue Jean sans Peur, 59 039 Lille
- Pas-de-Calais
  9, esplanade Jacques Vendroux, 62 100 Calais

BASSE-NORMANDIE

- Calvados
  Rue Daniel Huet, 14 038 Caen cedex 09
- Manche
  Place de la Préfecture, 50 002 Saint-Lô
- Orne
  39, rue Saint-Blaise, 61 018 Alençon

HAUTE-NORMANDIE

- Seine-Maritime
  7, place de la Madeleine, 76 000 Rouen
- Eure
  Boulevard Georges Chauvin, 27 000 Evreux

PAYS DE LOIRE

- Loire-Atlantique
  6, quai Ceineray, 44 035 Nantes
- Vendée
  29, rue Dellile, 85 009 La Roche-sur-Yon
- Maine-et-Loire
  Place Michel Debré, 49 934 Angers
- Mayenne
  46, rue Mazagran, 53 015 Laval
- Sarthe
  Place Aristide Briand, 72 041 Le Mans

PICARDIE

- Oise
  1, place de la Préfecture, 60 000 Beauvais

- Aisne
  27, rue Paul Doumer, 02 000 Laon
- Somme
  51, rue de la République, 80 000 Amiens

POITOU-CHARENTES

- Charente
  7-9, rue de la Préfecture, 16 023 Angoulême
- Charente-Maritime
  38, rue Réaumur, 17 000 La Rochelle
- Deux-Sèvres
  4, rue Duguesclin, 79 099 Niort
- Vienne
  7, place Aristide Briand, 86 000 Poitiers

PROVENCE-ALPES-COTE-D'AZUR

- Bouches-du-Rhône
  66 bis, rue Saint-Sébastien, 13 006 Marseille
- Vaucluse :
  28, boulevard Limbert, 84 000 Avignon
- Alpes-Maritimes
  147, boulevard du Mercantour, 06 200 Nice
- Alpes-de-Haute-Provence
  Avenue Demontzey, 04 002 Digne les Bains
- Hautes-Alpes
  28, rue Saint-Arey, 05 000 Gap
- Var
  Boulevard du 112e régiment d'infanterie,
  83 070 Toulon

RHONE-ALPES

- Isère
  12, place de Verdun, 38 000 Grenoble
- Savoie
  Château des Ducs de Savoie,
  73 018 Chambéry
- Haute-Savoie
  Rue Louis Revon, 74 000 Annecy
- Rhône
  106, rue Pierre Corneille, 69 003 Lyon
- Ain
  4,5 avenue Alsace Lorraine, 01 012 Bourg en Bresse
- Ardèche
  5, rue pierre Filliat, 07 000 Privas
- Drôme
  3, boulevard Vauban, 26 000 Valence
- Loire
  2, rue Charles de Gaulle, 42 022 Saint-Etienne

## ■ ኣፌ: Directions territoriales de l'Office français de l'immigration et de l'intégration (OFII)

Direction centrale
44, rue Bargue
75 732 Paris Cedex 15
tél : 01 53 69 53 70

Amiens (02, 60, 80)
275, rue Jules Barni – Bât. D
80 000 Amiens
tél : 03 22 91 28 99 / amiens@ofii.fr

Besançon (25, 70, 39, 90)
3, avenue de la Gare d'Eau
25 000 Besançon
tél : 03 81 25 14 39 / besancon@ofii.fr

Bobigny (93)
13, rue Marguerite Yourcenar
93 000 Bobigny
tél : 01 49 72 54 00 / Seine-saint-denis@ofii.fr

Bordeaux (24, 33, 40, 47,6 4)
55, rue Saint Sernin,
33 002 Bordeaux Cedex
tél : 05 57 14 23 00 / bordeaux@ofii.fr
Caen (14, 50, 61)
Rue Daniel Huet
14 038 Caen Cedex 9
tél : 02 31 86 57 98 / Caen@ofii.fr

Cayenne (973
17/19, rue Lalouette BP 245
97 325 Cayenne
tél : 05 94 37 87 00 / cayenne@ofii.fr

Cergy (95)
Immeuble « Ordinal » Rue des Chauffours,
95 002 Cergy Pontoise Cedex
tél : 01 34 20 20 30 / cergy@ofii.fr

Clermont-Ferrand (03, 15, 63, 43)
1, rue Assas
63 033 Clermont Ferrand
tél : 04 73 98 61 34 / Clermont-ferrand@ofii.fr

Créteil (91, 94)
13/15, rue Claude Nicolas Ledoux
94 000 Créteil
tél : 01 41 94 69 30 / creteil@ofii.fr

Dijon (21, 58, 71, 89)
Cité administrative Dampierre

6, rue du Chancelier de l'Hospital
21 000 Dijon
tél : 03 80 30 32 30 / dijon@ofii.fr

Grenoble (74, 38, 73
Parc Alliance - 76, rue des Alliés
38 100 Grenoble
tél : 04 76 40 95 45 / grenoble@ofii.fr

Lille (59, 62)
2, rue de Tenremonde
59 000 Lille
tél : 03 20 99  98 60 / lille@ofii.fr

Limoges (23, 19, 87)
19, rue Cruveihier
87 000 Limoges
tél : 05 55 11 01 10 / limoges@ofii.fr

Lyon (01, 07, 26, 42, 69)
7, rue Quivogne
69 286 Lyon Cedex 02
Tél : 04 72 77 15 40 / Lyon@ofii.fr
Marseille (13, 20, 04, 05, 83, 84)
61, boulevard Rabatau
13 295 Marseille Cedex 08
tél : 04 91 32 53 60 / Marseille@ofii.fr

Antenne Mayotte OFII (976)
N15 Espace Coralium, RN1 – CS 80058 Kaweni, 97 600 Mamoudzou
tél : 02 069 62 23 54 / mayotte@ofii.fr

Melun (77)
2 bis, avenue Jean Jaurès
77 000 Melun
tél : 01 78 49 20 00 / Melun@ofii.fr

Metz (54, 55, 57, 88)
2, rue Lafayette
57 000 Metz
tél : 03 87 66 64 98 / metz@ofii.fr

Montpellier (30, 34, 48, 66)
Le Régent - 4, rue Jules Ferry
34 000 Montpellier
tél : 04 99 77 25 50 / montpellier@ofii.fr

Montrouge (92, 78)
221, avenue Pierre Brossolette
92 120 Montrouge
tél : 01 41 17 73 00 / montrouge@ofii.fr

Nantes (44, 53, 49, 72, 85)
93 bis, rue de la Commune de 1871
44 400 Rezé
tél : 02 51 72 79 39 / nantes@ofii.fr

Nice (06)
Immeuble SPACE- Bât. B
11, rue des Grenouillères
06 200 Nice
tél : 04 92 29 49 00 / nice@ofii.fr

Orléans (18, 28, 36, 37, 45, 41)
4, rue de Patay
45 000 Orléans
tél : 02 38 52 00 34 / orleans@ofii.fr

Paris (75)
48, rue de la Roquette
75 11 Paris
tél : 01 55 28 19 40 / paris@ofii.fr

Pointe-à-Pitre (971, 972)
Immeuble Plazza - Boulevard Chanzy
97 110 Pointe à Pitre
tél : 05 90 90 01 83 / guadeloupe@ofii.fr

Poitiers (16, 17, 79, 86)
86, avenue du 8 Mai 1945
86 000 POITIERS
tél : 05 49 62 65 70 / reims@ofii.fr

Reims (08, 10, 51, 52)
26/28, rue Buirette
51 100 Reims
tél : 03 26 36 97 29 / reims@ofii.fr

Rennes (22, 29, 35, 56)
8, rue Jean Julien Lemordant
35 000 Rennes
tél : 02 99 22 98 60 / rennes@ofii.fr

La Réunion (974)
Préfecture de la Réunion, Place du Barachois
97 405 Saint Denis Cedex
tél : 02 62 40 75 69 / ofii-reunion@ofii.fr

Rouen (27,76)
Immeuble Montmorency 1
15, place de la Verrerie
76 100 Rouen
tél : 02 32 18 09 94 / rouen@ofii.fr

Strasbourg (67,68)
4, rue Gustave Doré - CS 80115
67 069 Strasbourg Cedex
tél : 03 88 23 30 20 / strasbourg@ofii.fr

Toulouse (09, 12, 19, 23, 32, 31, 65, 87, 46, 81, 82)
7, rue Arthur Rimbaud, CS 40310

31 203 Toulouse Cedex2
tél : 05 34 41 72 20 / toulouse@ofii.fr

Liberté • Égalité • Fraternité
RÉPUBLIQUE FRANÇAISE

MINISTÈRE DE L'INTÉRIEUR

Direction générale des étrangers en France
Service de l'asile
http://www.immigration.interieur.gouv.fr